# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.5 | ረቡዕ 6 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ከተማታት ሂሮሽማን ናጋሳኪን ‘ብኣናይኣኽል’ ይብላ



ገጽ 3 — ጋሽ-ባርካ፡ ማዕከን ዘይጽንቀቕ ጸጋታት



ገጽ 4 — ድሕነት ኣብ ባሕሪ



ገጽ 5 — ሓጕስን ሕጕሳትን




ገጽ 7 — ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ስልጠና ሕክምና...




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ መደረ ኣስሚዑ




ብ4 መስከረም ብኣኼባ ሚኒስተራት ዝጀመረ ናይ ፈለማ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’፡ ትማሊ ብኣኼባ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ከምኡ’ውን ሓለፍቲ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባት ቀጺሉ ወዓሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኣፍሪቃን ከበድ ሳዕቤናቱ ኣብ ተፈጥሮኣዊ መሓደሪ፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ባሕራታትን ውቅያኖሳትን ከምኡ’ውን ኣብ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘጉዳእን፡ ብመንጸርቲ ሃገራት ዝኽተላኦ ፖሊሲታትን ዘተግበራኦ መደባትን ዘበርህን መርገጺ ኤርትራ ኣብ ምምካቱ ዘጸርን መደረ ኣስሚዑ።

ክሊማዊ ለውጢ፡ ብሸሉ መልክዑ፡ ካብ’ቶም ኣዝዮም ኣሻቐልቲ ብድሆታት ዘጋጥሙ ኩይቶ ከምዝሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ካልእ ጸገማት ተደሚሩ፡ ጽልዋኡ ኣብ ኣፍሪቃ ከቢድ ከምዝኾነውን ብምእማት፡ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ብልጽግና ንምርግጋጽ ዝሎ ዓቕሚ፡ ተኽእሎን ባህግን ናይ’ታ ኣህጉር ቁጸዩ፡ ንዕድላትን ናብራን መጻኢ ወለዶታት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

“ኣድማዕነትን ጽልዋን እኹልዩ ሓባራዊ ጻዕራ፡ ምስ ወሀደት ናይ’ቶም ብሃገራዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ደረጃ ዝሀልዉ መድረኻትን ምትእስሳራትን እወታዊ ዝምድና ኣለዎ” ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብደረጃ ውልቀ-ሃገር እኹልቕም ፖሊሲታትን እንተኾኑ ኣየቦኡት ትግባረን፡ ዝኾነ ኣህጉራዊ ብድሆ ፈውሲ ክኸውን ስለዘይክእል፡ ብደረጃ ክፍለ-ዓለም ዝትግበሩ መደባት ደጋፊ ኣበርክቶ ከምዘህልዎም ኣዘኺሩ።

ነዚ ከቢድ ኣህጉራዊ ብድሆ ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት፡ ኣፍሪቃ ካብ ስርሕ ዘኽእልን ተተግቢሮን ቅርጹመቓን ምትሕግጋዝ ከተማዕብል ከምዝኾኖ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ኢዳ ኒቲ ህልው ኩነታት ዝዘብእስ ምእትእትታውን ብልሸው ተግባራትን ዝዕደም ትኻቦ ትዝርግሕ፡ ጸጋታታ ብምንባር ደሊታታ ከተማልእ ከምዝኾኦ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ “ተኺቡዚ” ዝበሉ ብዘኣተውዎ መብጽዓታት በልዮናት ዶላር ዝምስጥ ከይሀሉ ብምምሕጻን፡ “ከም ኣፍሪቃውያን፡ ካብ’ቲ ንኹሉ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ዘለዉ ተመርኲሱ ንምግልጋል፡ ጸጋታትና ባዕልና ብዓቢእ ኣገባብ ሰፍ መደባትና ከተግብር ይግባእ” ኢሉ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጉድኒ-ጉድኒ እዚ ዋዕላ መራሕቲ ኣብ ዝተወደበ መድረኻት ሓባራዊ ዘተ ከምእተሳተፈን ርክባት ከምዝካየደን ልኡኻት ሚኒስትሪ ዜና ሓቢሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ብዘዝበረሉ ዕድመ እዩ - ብ4 መስከረም ናብ ኬንያ ገይሹ።

## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ፋይዳ ዘይብሉ ከንቱ ሽርሒ!

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ሃገራውን ባህላውን ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምዝራግ፣ ኒቲ መለለዪ ኤርትራውያን ዝኾነ ስልጡን ውዳቤ ሃገራውን መንነታውን ሓቢን ዝማእከሉ ባህልን ክብርታትን ንምድዋን፣ ብኡ ኣብልካ ድማ ካልእ ፖለቲካዊ ዛዕባታት ንምስሳይ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ንጹዊ ናዕቢ ክተጥዕ ተራእዩ። እዚ እኩይ ተግባር’ዚ፦

1) ዘይጸዓድ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዘሰናበዶም ዓበይቲ ትካላት ስለያ (እንተላይ ሞሳድ) መሳርዕ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ ብዕማኮ ሃሱሳት ዝህቅንዎ ዘለው፡ ፋይዳ ዘይብሉ ከንቱ ሽርሒ እዩ። ዝርዝራቱ ኣብ ቀጻሊ።

2) ብዛዕባ “ኤርትራውያን ስደተኛታት” ዝውረ ሓሶታት እውን ኩሉ ምእንቲ ክፈልጥ፡ ሓቅታት ዘጸር ዝርዝር መብርሂታት ክስዕብ እዩ።

**ሚኒስትሪ ዜና**

**ኣስመራ - 05 መስከረም 2023**

# ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ፡ ንዋታዊ ሓገዝ ረኺቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ)፡ ኣብ ሽቱትጋርት - ጀርመን ካብ ዝርከብ ጨንፈሩን ካብ ግዱሳት ኤርትራውያንን ዝተበርከተ፡ ልዕሊ 300 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ንዋታዊ ሓገዝ ተረኪቡ።

እቲ ዓረብያታት ስንኩላን፡ ቀያር ጎማታት፡ መራኸቢ፡ ፍርናሻትን ካልእን ዝሓዘ ሰለስተ ኮንተይነራት፡ ብ1 መስከረም እዩ ተረኪቡ።



ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ሓበሬታን ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ፡ እቲ ንብረት - ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ንዝርከቡ ኣባላትን ካልኦት ስንኩላንን ክዕደል ምዃኑ ሓቢሩ።

ነቲ ሓገዝ ዝረከበ ኢንጂነር ፍጹም ወልደገርጊስ፡ እቲ ንስንኩላን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ክሕግዞም ዝተበርከተ ንብረት - ኣብ ኢድ ማሕበር ምብጽሑ ዝተሰመዮ ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስንኩላን ዜጋታትና ኣብ ምሕጋዝ ኩሉ ዜጋ እጃሙ ከበርክት ተላቢዩ።

ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ፡ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ ጀርመን፡ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ዓባይ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ብወለንታውያን ኤርትራውያን ዝቘመ ጨናፍር ኣለዋ።

## ሌ/ኮሎኔል መሓሪ ገብረሚካኤል ተሰዊኡ

ጉዱም ተጋዳላይ - ሌተና ኮሎኔል መሓሪ ገብረሚካኤል ተድላ (ጥንዳ)፡ ብ1 መስከረም ኣብ መበል 64 ዓመት ዕድመኡ ብሃንደበታዊ ሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ መስከረም 1974 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መሓሪ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ማሕበራዊ ጉዳይ፡ ክፍሊ ስንቂን ቁጠባ ክፍሉ ሰራዊት 96ን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ተሓጋጋዚ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ፡ ከምኡ’ውን ስታፍ ምምሕዳር ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጸፍሒታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሌተና ኮሎኔል መሓሪ ገብረሚካኤል፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ብ3 መስከረም ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል - እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብማስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ሌተና ኮሎኔል መሓሪ ገብረሚካኤል ተድላ ዝተሰመዮ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ከተማታት ሂሮሺማን ናጋሳኪን 'ብኣና ይኣክል' ይብላ

ኣብ ሓያሎ ኩርናዓት ዓለም፡ ወተሃደራዊ ወጥረታትን ፈኸራታትን ኣብ ዝረኣየሉን ዝሰምዓሉን ዘሎ እዋን፡ 'ኣቶማዊ ኑትጉ ክብርዕ ዝኽእል ስሕታን ወይ ጌጋ ከይፍጠር' ዝብል ስግኣት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብተደጋጋሚ ዝለዓል ዘሎ ኣርእስቲ እዩ።

ኣብ ሓምለ 1945 - ናይ መጀመርታ ፈተነ ኑክሌራዊ ቦምብ ካብ ዝተዓደ ንደሓር፡ ብቐዓት ምምዕባል እቲ ቦምብ ዘረጋገጸ ሓያሎ ሃገራት ከም ዘለዋ እኳ ዝሕበር እንተኾነ፡ እተን ሓያላን ዝበሃላ ሓሙሽተ ሃገራት ጥራይ - ብኣሸሓት ዝቑጸር ቦምብ ብምስናዕ ከዚኣን ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ምኽንያቱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብ ሓንቲ ነቑጣ ተወንጪፉ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ዓለም ክዛበጥ ዝኽእል ቦምብ ዝሰከም ሮኬት እውን ኣጻዊደን ይርከባ።

ወርሒ ነሓሰ፡ ከተማታት ጃፓን በቲ ቦምብ ዝተደብደባሉን ብዙሕ ህዝቢ ዝጸነተሉን ቅንያት ከም ምኻኑ፡ ምንቕስቓሳት ሓብሬታ ዓለም ከም መዘኻኸርን ከም መጠንቀቕታን ሓያሎ ሸፈነ ገይረናሉ እየን። ዕለት 29 ነሓሰ እውን ፈተነ ኑትጉ ኣቶማዊ ቦምብ ዝኸልክል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ከም ምኻኑ፡ ብስልፍታትን ናይ መጠንቀቕታ ገስጋሳትን ኣብ ሓያሎ ቦታታት ክኽበር ውዒሉ።

ኑክሌራዊ ውግእ ንምንታይ ይፍራሕን ክንድ'ዚ ዝኣክል ናይ መጠንቀቕታ ደወል ይወሃበሉን? ሰዓራይ ዘይብሉ ኩሉ ተሳዓራይ ብዝኾነሉ ፍጻመ ስለ ዝውዳእ እዩ። ብሕጂ ክፍጠር ዝኽእል ዓለማዊ ውግእ፡ ቦምብ ኑክሌር ዘይተሓወሶ ብልሙድ ኣጽዋር ጥራይ ክኸውን ውሕስነት ስለዘየለ ድማ፡ ንሓያሎ ዓመታት ኣስተምህሮን ገስጋሳትን ክወሃብ ጸኒሑ ኣሎ።


ውድድር ምስናዕ ኣጽዋር ቀዳማይ ምኽንያቱ፡ ፈተነ ኑትጉ ኣጽዋር ክኽልከል ስለዘለዎ - ኣብዚ እዋን ከቢድ ምክትታል ይግበር ምህላዉ ይፍለጥ። ኑክሌራዊ ኣጽዋር ካብ ዓለም ፈጺሙ ክጠፍእ ኣብ ዝኽእል ደረጃታት ከይተበጽሐ፡ ፈተነታት ከይካየድ ዝእግድ ቀያዲ ሕጊ ክልመድ ኣለዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሳላ ድፍኢት ተጣበቕቲ፡ ፈተነ ኑትጉ ንምቍጽጻር ዝኽእል ዓለምለኻዊ ስርዓት-መጸናጸኒታት ኣብ ሓያሎ ነቑጣታት ተተኺሉ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ። እዚ ዛጊት ኣብ ልዕሊ 300 ነቑጣታት ዓለም ተተኺሉ ዘሎ መቈጻጸሪ - መዓልታዊ 24 ሰዓት ዝእክቦ ጸብጻብ ኣብ ቭየና - ኣውስትርያ ናብ ዝርከብ ማእከል ይልእኽ።

ፈተነ ኑትጉ፡ ብፍሉይ ሜላ ትሕቲ ምድርን ትሕቲ ባሕርታትን ክካየድ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ካብ'ቲ ረጽሚ ናይ ኬሚካላት ዝወጽእ ጨረርታ ንሓያሎ ዓመታት ሓደገኛ ኮይኑ ከምዝጸንሕ ይግለጽ። ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ኣብ ውቅያኖስ ፓስፊክ ብሰንኪ ዘካየዳኦ ዝነበራ ፈተነታት፡ ኣብ ደሴታት ዝበሩ ህዝቢ ናይ ህይወት ዋጋ የኽፍሉ ከምዝሎ ይፍለጥ። ካብ ኑትጉ ዝፍኖ ጨረርታ፡ ንወለዶታት ዝቕጽል ጉድኣት ኣካላት ይፈጥር እዩ። ዝተጸየቐ ዲኤንኤ ካብ ወላዲ ናብ ውሉድ ስለ ዝሰጋገር፡ ኣብ ደቂ ዘሎ ዕሽል ሰንክልና ወረሱ ይውለድ። እቲ ጨረርታ ካብ ኣየር፡ ማይን ሓመድን ከይጠፍኤ ንሓያሎ ዓመታት ክጸንሕ ስለዝኽእል እውን፡ ከም መገዲ ዓይነታት መንሾር እናኾነ ንወለዶታት ይጸንሕ።

ሎሚ-ዘበን ኑትጉ ሂሮሺማን ናጋሳኪን ኣብ ዝዝከረሉ መበል 78 ዓመት፡ ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ፍሉይ ጠመተ ክግበረሉ ተራእዩ እዩ። መዝ. ናይ'ቲ ቦምብ ሮበርት ኦፐንሃይመር እንተኾነ እውን፡ ከም ሎሚ-ዘበን ጌሩ ተዘኪሩን ተጻሒፉሉን ኣይፈልጥን። ኣብ ታሪኽ ህይወቱን ከመይ ቦምብ ከም ዝሰነዐን ዘረድእ ትሕዝቶ ዝሓዘ ናይ ሆሊውድ ፊልም፡ ኣብ ዓለም ተዘርጊሑ ክረኣ ሓጒዩ ኣሎ - ብዘይካ ኣብ ጃፓን።

ኣብ መንን ሃገራት ዝተዓደ ውግእ ብኣጽዋር ኑክሌር ኣይጀመርን። ብልሙድ ኣጽዋር ዝጀመረ ውግእ ግና፡ ናብ ዝለዓለ ምትህልላኽን ንኽልእ ኣጥፊእካ ናይ ምስራር ድልየታትን ከማዕበል ይኽእል እዩ። ሓያላት ሃገራት ኣብ ዝተፋኸላሉ ኩነታት፡ ውግእ ክምርዕ ኩሉ ግዜ ሰከፍታታት ኣሎ። ቅዲ ውግእ ዝቈጻጸር ወይ ንጸላኢ ከመይ ከምእትቃትል ዝምእዝዝ ዝወጽኤ ቀያዲ ሕጊ እውን የለን።

## ናይ መጀመርታ ደብዳብ ናይ መወዳእታዶ ይኸውን. . .?



ኣብ ግንቦት ሰሜን ኣፍሪቃን ምብራቕ ኣፍሪቃን - ኣቐድም ኣብሉ ዝተዛዘመ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ ኤውሮጳ እውን ድሕሪ ብርቱዕ ደማዊ ውግኣን ህልቂትን ማልየናትን፡ ኣብ ግንቦት 1945 ስዕረት ስርዓት ናዚ ጀርመን ተኣዊጁ ነበረ። ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ሓያሎ ሃገራትን ደሴታት ፓስፊክን ተቘጻጺሩ ዝነበረ ሰራዊት ሃጼያዊት ጃፓን ግና፡ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ዕጥቂ ክፈትሕ ዝቐረበሉ እማመ ነጺጉ - ብምሉእ ሓይሉ ይዋጋእን ይዕወትን ነበረ።

ንጃፓን መወጻእን መእተውን ብዘኽልእ ዕጽዋ - ብባሕሪ ንምኽርዳን ዝተሰለፉ መራኽብ ኣመሪካ፡ ኣብ ዘይተሓሰበ ጭንቂ ኣትየን ነበራ። ጃፓናውያን 'ካሚካዚ' ብዝብሃል ናይ ርእሰ-ቅትለት ታክቲክ ብነፈርቲ እናተኾቕቡ፡ ኣብ ፓስፊክ ንዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ምንቅስቓስ ከልእዎ። ኣብ ደሴታት ፓስፊክ ንዝነበረ ሰራዊት ጃፓን ንምድምሳስ ዝፍትን ዝነበረ ሰራዊት ሓይልታት ኪዳን ብወገኑ፡ ከቢድ ህልቂት ይወርዶ ስለዝነበረ፡ ዚ ውግእ ንምውዳእ ኣማራጺታት ይድለ ነበረ።

መወዳእታኡ፡ ሊቃውንቲ ኣመሪካ 'ዋኒን ማንሃታን' ብዝብሃል ሚስጢራዊ ምርምር፡ ምዕቡል ኣጽዋር ኣብ ምምሃዝ ብሕቡእ ክጋደሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብሓደ ኑትጉ ህያውን ግኡዝን ፍጡር ኣህሪፉ ንምድሪ ከብድም ዝኽእል ተተኳሲ ከም ዝመሃዙ - ንሰብስልጣን እታ ሃገር ተሓቢሮም።

ኣብቲ እዋን ዝነበረ ንጉስ ጃፓን 'ሂሮሂቶ' ኩናት ክቋረጽ ድልየት እኳ እንተነበሮ፡ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ግና - ጃፓን ዕጥቂ ከተራግፍ ንዝብል ሓሳብ ዝጸገዑ ካብ ውርደት ሞት ዝመርጹን ነበሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሰራዊት ጀርመን ካብ ሶቭየት ሕብረት (ሩሲያ) ብዝተፈነወሉ ጸረ-መጥቃዕቲ ተደምሲሱ - ወተሃደራት ሩሲያ ኣብ ከተማ በርሊን ኣትዮም ነበሩ። ሰራዊት ብሪጣንያን ኣመሪካን እውን፡ ብደቡብ ኤውሮጳ ንሰራዊት ጀርመን እናጠሓሉ ቢታቲኖምዎ ነበሩ። ስለ'ዚ ናይ ሰለስቲኦን ሓያላን ሃገራት መራሕቲ፡ 'ፖትስዳም' ኣብ ዝተባህለ ጥቓ ከተማ በርሊን ኣብ ዝርከብ ከተማ ኣኼባ ገበሩ። ኣብ ዋዕላ ፖትስዳም ተኣኪቦም ንኽልተ ቅነ ዝኣክል - ካብ ክፍላ ሓምለ ክሳዕ ባሕቲ ነሓሰ 1945 ክላዘቡ ዝቐጸሉ መራሕቲ ሩሲያ፡ ኣመራርሓ ብሪጣንያን እምበኣር፡ ንድርቕና ወተሃደራዊ ኣዘዝቲ ጃፓን ክጻወርዎ ኣይከኣሉን።

ናይ ኣመሪካ ፕረዚደንት ሃሪ ቱርማን ንናይ ሩሲያ ጆሴፍ ስታሊን - "ሓያል ኣጽዋር ምሂዝና ኣሎና" ክብል ሓበሮ። እንተኾነ፡ ጆሰፍ ስታሊን ብዙሕ ከምዘይዓጀቦ ዝተዓዘቡ ገለ ወገናት ክገልጽዎ እንከለዉ - ሩሲያ ኣቐድም ኣቢላ ምህዞ ኣቶማዊ ቦምብ ብስለያ ፈሊጥዎ ከምዝነበረት እዩ። ስታሊን እምበኣር፡ ተረጋጊኡ - "ኣብ ጃፓን ክንጥቀመሉ ኢና" ክብል ከምዝመለሰሉ እዮም ጸብጻባት ዘረድኡ።

ኣብ'ቲ ቅንያት እቲ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ብሓደ ስርሒት ዝበዝሐ ህልቂት ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመሉ ደብዳብ ቦምብ - ኣብ ቶክዮ ርእሲ-ከተማ ጃፓን ተኻይዱ ነይሩ። ልዕሊ 300 ዝፍተ ነፈርቲ ውግእ ብሓንሳእ ብዝተዓደኦ ወፍሪ፡ ብሓንቲ ለይቲ ኣስታት 100 ሽሕ ህዝቢ ብተባራዲ ቦምብ ቀቲለን ነይረን። ጃፓን ግን ኣይሰከለትን። ኣብ መወዳእታ ዋዕላ ፖትስዳም ዝወጽአ መግለጺ ድማ፡ ጃፓን ቅድመ-ኩነት ብዘይብሉ ዕጥቃ እንተደኣ ዘይኣራጊፋ፡ "ብቕጽበት ከም እትድምሰስ" ዝብል ሓረግ ነበሮ።

ድሕሪ ሳልስቲ፡ ነፈርቲ ኣመሪካ ኣብተን ክዘብጣ ዝተረቘሓ ሓሙሽተ ከተማታት - "ህዝቢ ጃፓን ተጠንቀቑ" "ከተማ ለቒቕኩም ግዱፉ" ዝብል በረሪ ጽሑፍ ብነፈርቲ በተና። እንተኾነ፡ ኣቶማዊ ቦምብ ተማሂዙ ከም እተፈተነ ዘይፈለጠ ህዝቢ፡ ኣብ ደሴታት ተበታቲኑ ዝነብርን ብመንግስታዊ ሬድዮ ብዝወሃቦ ናይ ዓውደ-ውግእ ሓብሬታ ዓወታት ዝተመልኣን ህዝቢ፡ በዚ መጠንቀቕታ በርጊጉ ካብ ገዝኡ ክወጽእ ኣይከኣለን።


ኣብ 6 ነሓሰ 1945፡ ግስጋስ ዝሓደረት ኣብቲ እዋን ካብተን ዝፍተ ዝበሃላ ዓይነታት ነፈርቲ ቢ-29 ዝኾነት - ብፍሉይ ስማ 'ኢኖላገይ' ተባሂላ እትዝበር ነፋሪት፡ 'ንእሹቶ ቈልዓ' ዝብል ስም ዝተዋህቦ ቦምብ ጺዓራ፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት 8፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ሰማያት ከተማ ሂሮሺማ በጽሐት። ኣብ ማእከል እታ ከተማ ኣብ ብራኸ ኣስታት ፍርቂ ኪሎሜተር (500 ሜትር) ንኽትትኩስ ከኣ - "ንንእሹቶ ቈልዓ" ካብ ሰማይ ፈነወቶ። ኣብ ማእከል እታ ከተማ ዝነበረ ትንፋስ ዝነበሮ ፍጡርን ብኣሸሓት ዝቑጸር ህዝብን ሃፊፉ ኣሰሩ እውን ኣይተረኽበን። 8 ብ 8 ኪሎሜተር ዝስፍሓቱ ከተማ እውን ናብ ሰጣሕ ጉልጉል ተቐይሩ።

ካብቲ ኑትጉ ኣብ ማሕዲግ ወይ ጎደቦታት ዝነበሩ እውን፡ ቈርበት ኣካሎቶም ብኸሉ ተገሺሊጡ ስለዝረገፈ፡ ብቐይሕ ጭዋዳ ጥራይ ዝተደኰነ ኣስከሬን ይመስሉ ምንባሮም መዛግብቲ የረድኡ። ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ መዓልቲ ኣስታት 120 ሽሕ ሰባት ሙማቶም ይሕበር።

ኣብ ሳልስቱ እውን፡ ናብ ከተማ ኮኩራ ቦምብ ክትድርቢ እትጓዓዝ ዝነበረት ካልእ ነፋሪት፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ግመ ናብ ከተማ ናጋሳኪ ተኣልያ። ኣብ ዕለት 9 ሽኣ ኣብ ኣጋ ረፋድ 'ረጕድ ሰብኣይ' ዝተባህለ ካልኣይ ቦምብ፡ ካብ ሰማያት ፈነወቶ። ኣስታት 73 ሽሕ ሰባት ከኣ ሞይቶም።

እቲ ኣብ ሂሮሺማ ዝወደቐ ቦምብ፡ 12.5 ኪሎቶን ቲኤንቲ ሓይሊ ዝነበሮ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ተሰኪዑ ዘሎ ሓይሊ ቦምብ ግና፡ ብኣማኢት ዕጽፊ ዝሓየለ ምኻኑ ይግለጽ። ኣብተን ክልተ ከተማታት ዝተደርበየ ቦምብ፡ ካልኦት ብቑጠባን ዓቕሚ ሳይንስን ክእለት ዝበረን ሃገራት - ተመሳሳሊ ኣጽዋር ከፍርያ ከም መበገሲ ኩይኑወን እዩ። ካብኡ ንጀው፡ በቲ ዝተፈጥረ ቅድድም ሰንዓ ኣጽናፊ ኣጽዋር፡ ካብ 2 ሽሕ ንላዕሊ ፈተነታት ተኻይዱ ኣሎ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)


ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284



# ጋሽ-ባርካ፡ ማዕከን ዘይጽንቀቕ ጸጋታት

ዳህላክ ኒጋሲ
ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ጋሽ-ባርካ፡ ብዘውጎኖ ሰፊሓት መሬት ንሽሰን ዞባታት በሊጹ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ዞባ ኰይኑ፡ እተፈላለየ ጆኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ብዝሓቘፉ 16 ንኡሳን ዞባታት (ኣቑርደት፡ ባረንቱ፡ ደጌ፡ ፎርቶ ሳዋ፡ ጎልጅ፡ ጎን፡ ሃይኮታ፡ ክርከበት፡ ላዕላይ ጋሽ፡ ሎጎ ዓንሰባ፡ ሞጎሎ፡ ሞልቂ፡ መንሱራ፡ ሻምብቆ፡ ሰላዕን ተሰነይን) ዝቖመ እዩ። ካብ-ወከፉ ሰድሪ ናይ'ቶም በርኽቲ ኅብረታት፡ ሰፋሕቲ ጎላጉል፡ ዓበይትን ንኣሽቱን ሩባታት ደሚ፡ ሃብታም ሕብረ-ብዙሕነታዊ ባህሊ፡ ብትሕዝቶኦን ዓይነትን ዝፈላለ ባህርያዊ ጸጋታት እተሰነደን ገና ዘይተበርበረ ታሪኻዊ ቅርሲታትን ዝሓቖፈ እዩ።

ጋሽ-ባርካ ብዘይካ ብዙሓ ዓፋር፡ ኩሉን ብዙሓት ሃገርና ዝርከብኦ ዞባ እዩ። እቶም ካብ ከተማታትን ቁሸታትን ርሒቖም ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብዓወለማ ከይተጸልዉን ከይተሳዕሩን ክብሪ፡ ባህልን ልምድን ናይ ዝቖደመ ወለዶታታት ዓቂቦሞ ደርከቡ። ብኣሉ ምኽንያት ደሞ እቲ ዞባ ብሃብታም ሕብረ-ብዙሕነታዊ ጸባቐ ብዙሓትና ይልሉ፡ ነቶም መጥቀላዊ መንጎቶም ከይቀየሩን ከይበለሉን ዝቐጸሉ ዘለዉ ዜጋታት፡ ባህሎም ይኹን ልምዶም፡ ኮታስ ኩሉ ዝደህሰሰን ዘይደህሰሰን ቅርሲታቶም መጻናዕቲ ተኻይደሉ፡ ንወለዶታታት መወከሲ ዝኸውን ሓደጊ ክሰድ ይግባእ። እዚ ንኹሉ ኣካል ዝምልከት ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ብዕቱብ ክሰርሓሉ እንተዘይክኢሉ፡ ኣብ ዕቤት ኣፍልጦ መጥቀላዊ መንነትና ሃጓፍ ዝሓድግ እዩ።

ጋሽ-ባርካ ማእለያ ዘይብሉ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዝሓዘ እዩ። እዚ ብ'ሞሶብ ኤርትራ' ዝፍለጥ ዞባ እምባኣር፡ ኣብኡ ሰፊሕ ጎላጉሉ ዓበይቲ ሕርሻዊ መደባት ይሰላሰሉ ኣለው። ብዘይካ'ቲ ብውልቕን ብጥርኑፍን ኣብ ወቕቲ ክረምትን ሓጋይን ዝትግበር ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ብመንግስቲ ዝቖሙ ዓበይቲ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታትን ኣግሮ-ኢንዱስትሪያዊ ንጥፈታትን እውን ኣለው። ከም ወጽኢት ከኣ እቲ ኣብኡ ዝኣቱ ዝተፈላለየ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ኣብቲ ዞባ ጥራይ ከይተሓጽረ ናብ ከበሳን ወጻእን እናተላእኸ፡ ጠለብ ዕዳጋ ኣብ ምምላእን ዋጋታት ኣብ ምርግጋእን ልዑል ተራ ኣለዎ። ስለዚ፡ ጋሽ-ባርካ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቶም ወቕታውያንን ዓመት ምሉእ ዝውሕዙን ዓበይትን ንኣሽቱን ሩባታት፡ ብዘይካ ኣብ ጽላት ሕርሻ፡ ኣብ ምድንፋዕ ከዘንቲ ማያት'ውን ኣገዳሲ ተራ ኣለዎም። እቶም ዓበይቲ ዱጋታት ኣብ ኸጋእ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ዘለዎም ኣገዳስነት ወዲ ኰይኑ፡ ኣብ ቱሪዝማዊ መስሕብ እውን ዘይሃጓቕ እጃም ከምዝለዎም ዘከራኽር ኣይኮነን።

እቲ ሰማይ ምስኣቱ እቶት ዝሕፈሶ ዘሎ ሰፋሕቲ ጎላጉል፡ ብባህርያዊ ማዕድናት እውን ሃብታም እዩ። ስለዝኾነ ደሞ ዓበይቲ ናይ ዕደና ፕሮጀክትታት ኣብቲ ዞባ ይሰላሰል ኣሎ። ብሓፈሻ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኣብ ምርግጋጽ ኩሉ መዳያዊ ዕቤት ሃገር ልዑል እጃም ስለዘለዎ፡ እዚ ትዕድልታት እዚ ናይ መጻኢ ብልጽግና ሃገር ዘውሕስ እዩ።

ጋሽ-ባርካ፡ ብብዙሒን ዓይነትን ጥሪት እውን ዝተፈልጠ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ መዕቀቢ ሰፍራ እተፈላለዩ ዓሌት እንስሳ ዘቡዳም'ውን እዩ። ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዉ እንስሳ ዘቡዳም፡ ብዘይካ ኣድጊ-ብረኻ ካልኦት ኩሎም ኣብቲ ዞባ ከም ዝርከቡ ይፍለጥ። ንኣብነት፡ ብዓበይቲ ኣካላቱ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ሓርማዝ ሃብቲን መለለዩን እቲ ዞባ እዩ። እቲ ብ'ሓርማዝ ኣፍሪቃ' ዝፍለጥ ዓሌት፡ ሓደ ካብ'ቶም ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ዘለዉ እንስሳ ዘቡዳም ብምዃኑ፡ ኣብ መንጎ ሃይኮታ፡ ላዕላይ ጋሽን ጎንን ኣስታት 44 ሽሕ ሄክታር መሬት ተሓዚሉ፡ ህላወኡ ውሑስ ንምግባር ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብ'ኮሪደር ሓርማዝ' ዝፈልጦ ቦታ፡ ኣስታት 120 ኪሎ ሜትር ሰፊሓት መሬት ዝሸፈነ ኣሎ። ካብ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ነቲ ኣደናቒ እንስሳ ዘጋጥሞ ዘጽላልዎ ዘሎ ሓደጋ ምጽናት ንምክልኻል ዝቖደድ ጻዕሪ ዋላ'ኳ ብደሃይታት ዘጋጥሞ እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዝተረኽበ ዓወታት ዓቢይ ኣበርክቶ ምስራሕ፡ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ እዩ። ስለ'ዚ፡ ቁጽሮም ብምስሳኑ መስሕብ ቱሪዝም ዝኾኑሉ መንገዲ ንምጥጣሕ ሓያል ቃልሲ ይሓትት።

ኣብ ሃገርና፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ንዝነበረ መግዛእትን ወራርን ዝገልጹ ታሪኻውያን ቅርሲታት ኣብቲ ዞባ ይርከቡ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣቑርደት ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ዝተሃንጹ ህንጻታት፡ ሓዲድ ባቡርን ዕርድን ክጥቀሱ ይከኣሉ። እቶም ኣብ እዋን መግዛእቲ ቱርኪ ዝተሃንጹ ጥንታውያን ህንጻታት እውን ኣብቲ ዞባ ኣለው። እቶም ብእተፈላለየ ቅርጻን መልክዕን ዝተሃንጹ ትሕተ-ቅርጺታት፡ ሃገራዊ ቅርሲ ብምዃኖም ኣብ ምዕቃቦም ሓያልን ዕቱብን ስራሕ ዝሓትት እዩ። ከም'ኡ'ውን ኣብ እዋን ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ጥልያን ዝሃጸ ዕርዲታት ክሳብ ሎሚ ኣብ ኣቑርደትን ባረንቱን ቀይሙ ኣሎ። እቲ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ዕርዲ፡ ብምዕቡል ኣገባብ ዝተሃንጸ ህያው ቅርሲ እዩ።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ብ1935 ዝተሃንጸ ብ'ቢንቶ ተረረ' ዝፍለጥ ሓዲድ ባቡር እውን ካብ ድንቂ ቅርሲታት እቲ ዞባ እዩ። እቲ መንገዲ ባቡር ዋላ'ኳ ኣገልግሎት እንተ ኣቋረጸ፡ ንኣቑርደት ምስ ሩባ ባርካ ዘራኽብ ሓዲድ ኰይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ዞባ ምስ ሱዳን ዝዳወብ ብምዃኑ፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ማሕዳውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጋሽን ባርካን ብተደጋጋሚ ወራር የካይዱ ነይሮም። የግዳስ፡ እቶም ነብርቲ ነቲ ወራር እተፈላለየ ሜላ ብምጥቃም ይምክትዎ ነይሮም። ንኣብነት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣብ ዝርከብ ብ'ጎቦ ኤሊት' ዝፍለጥ ቦታ ዝነብሩ ዝነበሩ ህዝቢ፡ መንበሪ ሰፍራን ንዝተፈላለየ መዓላ ዝገልግል በዓትታትን ብምህናጽ፡ ነቲ ተደጋጋሚ ወራር ይገጥምዎ ነይሮም። እዚ ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽ ዝገልጽ ቅርሲ፡ ሕጂ'ውን ገና ዘይተፈተሸ ምስጢር ዝሓቖፈ እዩ። ሓደ መስከረም 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ብቐንዱ ኣብዚ ዞባ'ዚ እዩ ጀሚሩ። ሓርበኛ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ፡ ኣብ ጎቦ ኣዳል ናብ ጸላኢ ጥይት ብምትኳስ ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፈሊሙዎ። ጋሽ-ባርካ በዘይካ'ዚ፡ ኑታ መዲና መንእሰያት ዝኾኑት ሳዋ እውን ዝሓቖፈ ዞባ እዩ።

ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ገረብ ዓርኮብዙባይ እውን ሕላገኡ እዩ። መብዛሕትኡ እቲ ገረብ ኣብ ደንደስ ሩባታት ዝርከብ ኰይኑ፡ ንኣከበቢ ፍሉይ ግርማ ይህብ። ዓርኮብ-ኮባይ፡ ዘይጠቅም ወይ ዝደርበ ክፋል ዘይብሉ ገረብ እዩ። እቲ ገረብ ፍረ ክህብ ክጅምር እንከሎ፡ ሽራት፡ ሽድኑ ወለከብቦን ሸኩምቲትን እናተባህለ ብበደረጃኡ ይጽዋዕ፡ ዓርኮብዙባይ፡ ዘኽበል፡ ተንከበት፡ መሸረፈት፡ ሰተታ፡ ዓጌፋ መኽደኒ ገዛ ገመድን ካሽን ንምስራሕ፡ ንዝቖሰለ ክፍሊ ኣካላት ንምፍዋስ፡ ንመግቢ፡ ንመትሓዚ እተፈላለየ ኣቑሑት. . . ወዘተ. ዘገልግል ኣዝዩ ብዙሕ ጥቕምታት ዘለዎ ገረብ እዩ። እንተኾነ፡ እዚ መለለዪ ግርማ ናይቲ ዞባ ዝኾነ ገረብ፡ ሓደ ካብ'ቶም ዝበርሱ ዘለዉ ኣግራብ ናይ'ቲ ዞባ ብምዃኑ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ከይጠፍእ ዘየሰግእ ኣይኮነን። ብርሰት ገረብ ዓርኮብ-ኮባይ ደው ንምባል ንዝምልከቶ ኣካል ጥራይ ዝገድፍ ዕማም ኣይኮነን። እንትላይ ኩሉ ህዝቢ ሓላፍነቱ ክፍጽም ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ'ቲ ዞባ ንሓደሕዶም ዝተተሓሓዙ ሰንሰለታውያን ኅቦታትን ኣብ ርእሲ-ርእሲ ዝተጨርሑ ኣኻውሕን ዝፈጥርዎ መሳጢ ትርኢት፡ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል ተፈጥሮኣዊ ጸባቐ እዩ። ብፍላይ ኣብ እዋን ጸሓይ ዓራርቦ ዝፈጥርዎ ደረት ትርኢት ኣዝዩ እዩ ዝምስጥ። በዚ ምኽንያት፡ ዞባ ጋሽ ባርካ ቱሪዝማዊ መስሕብ ዝኾኑ ጸጋታት ዝተዓደለ ኰይኑ፡ ኣብ ዕቤት ቱሪዝም ሃገርና ዝህልዎ ተራ ቀሊል ከም ዘይከውን ንጹር እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ተሸከርከርቲ - ዓበይቲ ሩባታት ዝሳገሩሎም ዓበይትን ንኣሽቱን ቢንቶታት፡ ኣተኩሮ በጺሕቲ ዝስሕቡ ድንቂ ስራሓት እዮም።

ህዝቢ ጋሽ-ባርካ ምቹልልን ወትሩ ፍሽሑው ገጽ ዘርኢን ኰይኑ፡ በለፃ ትጽግበ ዘይመስሎ ተቐባሊ ጋሻ እዩ። ካብ ርሑቕ ይኹን ቀረባ ንዝመጽእ ሰብ 'መርሓባ' ብምባል ከዕርፍን ክጽልልን ብምዕዳም፡ ጎሮሮኡ ከጥልል ማይ ተቐላጢፉ ዝቕርብ ህዝቢ እዩ። እዚ ተግባር'ዚ፡ መግለጺ ክብሪን ባህሊን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ዞባ ምስ ክልተ ሃገራት ዝዳወብ ብምዃኑ፡ ጸዑቕ ንግዳዊ ምንቅስቓስ የካይድ ወይ ይረአየ። ብፍላይ፡ ኣብ'ተን ኣብ ጫፍ ቦታታት ዝርከባ ንኡሳን ዞባታትን ዓድታትን እቲ ሕብረተሰብ ካብ ዝኣሰ ክሱብ ዝዓበየ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝተጸምደ እዩ። ንኣብነት፡ እታ 'ምድራዊት-ወደብ' ብዝብል ቅጽል ስም እትፍለጥ ተሰነይ፡ ልዑል ምንቅስቓስ ናይ ህዝብን ተሽከርከርትን ዝረኣየላ ከተማ እያ።









ቢንቶ ተረር



ዕርዲ ጥልያን

# ጸጋታት ባሕሪ

## ድሕነት ኣብ ባሕሪ

ፍስሃ ተኽለወይኒ
ሚካኤል መንግስተኣብ

መርከብ ትኹን ጃልባ፡ ምስ ምሉእ ጽዕነታ ኣብ ባሕሪ ብኸመይ ኣገባብ "ሚዛን ሓልያ ጸብለል ክትብል ትኽእል" ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ። ብቐሊል ዝበለ እምበኣር፡ መርከብ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ደው ምስ በለት፡ ሞተር ስርሑ ምስጀመረ - እቲ እትጭንኖ ማይን ክብደት ናይታ መርከብን ተመጣጢኑ ምስ ኮነ፡ እቲ ማይ ባሕሪ ክስከማ ስለዘኽእል፡ እታ መርከብ ብዘይ ገለ ጸገም ከተንሳፍፍ ትኽእል። ኣጠቓሊሉ ኣብልካ ክርአ እንከሎ፡ ሚዛን ናይታ መርከብ ካብቲ ሚዛን ናይቲ ዝተጨንገዐ ማይ ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ እታ መርከብ ትጥሕል ማለት እዩ።

ኣብ'ዚ ምዕቡል ዘመን ጉዕዞ ባሕሪ ብዘይ ስክፍታ ንኽሰላሰል ዓቢ ኣበርክቶ ዝገብር ዘሎ፡ ብዓለም ደረጃ ቀዳምነት ንድሕነት ከም ቀዳምነት ብምስራዕ ካብ ዝደቀቐ ክሳብ ዝዓበየ ሕጊ ጉዕዞ ባሕሪ ተኸቲላ ትንቀሳቐስ።

ጉዕዞ ባሕሪ ካብ ናይ መሬት ፍሉይ ዝበሎ እንተሎ፡ መርከብ ይኹን ጃልባ ምስ ትብላሸወካ ንኽተዕርያ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ እዩ። ምኽንያቱ ማዕበልን ንፋስን ከስርሓካ ኣብ ዘይትኽእሉ ደረጃ ስለዝበጽሕ። ከም ተወሳኺ ድማ፡ ዝኾነ ቅያር ንበረት ይኹን ሓገዝ ከእላ ንኽትረክብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ባሕሪ፡ ክኢላን ተመኩሮ ዘለዎን መራሒ ጃልባ ወይ መርከብ ምህላው፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ። መራሒ መርከብ ንናይ ገዛእ ርእሱን ብጹቱ፡ መርከበን ንበረትን ድሕነት ሓላፍነት ከምዝተሰከመ ፈሊጡ፡ ናይ ድሕነት


ንሓደጋ ዝተቓልዐት ጃልባ

ተዋሂብዎ ዝሰርሓሉ መስርሕ ድሕነት እዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጉዕዞ ባሕሪ ኣዝዩ እናተራቐቐን እናማዕበለን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ክፍለዘመን፡ እቲ ዝኸበደን ዝበዝሐን ንብረት ብመርከብ ይጓዓዝ ምህላዉ ጥራይ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ። ንዝተፈላለየ ዕላማታት ኣብ ባሕሪ ዝንቀሳቐሳ ጀላቡ ወይ መራኽብ፡ ንምግፋፍ ዓሳ ዝገልግላ ናኣሽቱ ጀላቡን (ከም ሳምቡቕ) ዓበይቲ ጀላቡን ወይ መርከብ፡ ንኣሽቱ ፈጣናት፡ ዝተፈላለየ ናይ ንበረትን ህዝብን ዘመላልሱ፡ ብዘወሳኺ፡ ናይ ውግእ መራኽብን ከምኡ'ውን ትሕቲ ማይ ዝጉዓዝ መራኽብ ከም ሳብማሪን ምጥቃስ ይከኣል።

ከም'ቲ ኣብ መሬት ዝርከብ ተሽከርከርቲ ብሕጊ ትራፊክ ተቐይደን ዝጓዓዛ፡ ኣብ ማያዊ ክፋላት (ቀላያት፡ ባሕሪ፡ ውቅያኖስ) ዝጓዓዛ ጀላቡን መራኽብን ንብረትን ዕጥቅን ምሓዙ ከረጋግጽ ይግባእ።

ሓንቲ መርከብ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ናይ ህይወት መድሕን ዕጥቂ ክህልዋ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ባሕሪ ኣገደስቲ ካብ ዝኾኑ ዕጥቅታት፡ ናይ ህይወት መድሕን ጃኬት፡ ህይወት መድሕን ጃልባ፡ ንንፋስ ክከላኸል ዝኽእል ጃኬት ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

ስለ'ዚ ክቡራት ኣንበብቲ ናይ'ዚ ዓምዲ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ናይ ህይወት መድሕን፡ ብኸመይ እዮም ህይወት ከድሕኑ ዝኽእሉ ትብሉ ትኾኑ? "ህይወት መድሕን ጃኬት" ዝበሃል ብኽብደቱ ፎኲስን ኣብ ወሽጡ ሰፍነግ ዘለዎን ኮይኑ፡ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ጸምበለል ከብል ዝኽእል መሳርሒ እዩ። ኣብ ህጹጽ ኩነታት ድማ፡ ህይወት ከድሕን ይኽእል። ንኣብነት ጃልባ ናይ ምጥሓል ሓደጋ ምስ ዘጋጥማ፡ ክትገድፉ ኣብ እትግደደሉ እዋን፡ ናይ መድሕን ጃኬት ለቢስካ ክሳብ ረድኤት ትረክብ ኣብ ማይ ጸንበለል ኢልካ ንኽትጸንሕ ሓጊዙ እዩ። መድሕን ህይወት ጃኬት ተወሳኺ ፈስካ ስለዘለዎ፡ ኣብ ከበቢኻ ጃልባ ምስ እትዕዘብ ድምጺ ብምግባር ንኽትረድኣካ ይሕግዘ።

ካብ ክልተ ባሕረኛታት ንልዕሊ ኣብ ባሕሪ ጸብለል ክብሉ ዝኽእሉ፡ ካልኦት ዓይነታት ናይ ሂወት መድሕን ንምጥቃስ - ከም ኣብ መንገጥገጢ ክዕጠቑ ዝኽእሉ ተንሳፋፈን ብፐኖማቲካዊ ፋይበር ዝተሰርሐ 'ዕብይ' ዝበለ ተንሳፋፈን እዮም። እዚ ዕብይ ዝበለ ተንሳፋፊ ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ ምስ ዘይህልወካ፡ ኣብ ዓበይቲ ጀላቡ ንበዚሕ ዝበሉ ሰባት ንድሕነት ክጥቀሙሉ እትኽእል ናይ ህይወት መድሕን ንበረት እዩ። ኣብ ሕቖኻ ክትዕጠቆ ትኽእል ተንሳፋፊ፡ ንመሕበሪ ሰኪዔት ኣብ ባሕሪ ተባዚሉ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ናይ ህይወት ከድሕን ዝኽእል ተንሳፋፊ ምስ ዘይትረክብ ከም መድሕን ህይወት ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ናይ ህይወት መድሕን ጃኬት ይኹን ካልእ ተንሳፋፊ መድሕን ንሓደ ሰብ ንዝዊሕ እዋን ከሕንብጦ ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ማይ ባሕሪ ንዝዊሕ እዋን ምጽናሕ፡ ብጽምኣት ስቡኑት ዝመጽእ ድኻምን ከምኡ'ውን ሓደገኛ ምጉዳል ምቑት ኣካላትን የስዕብ።

ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ፡ ንምሉእ ሰራሕተኛ ከተኣንግድ ትኽእል ሓንቲ ካብተን ኣገደስቲ መድሕን እንጥቀመላ መሳርሒት እያ። ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ ንሰራሕተኛታት ንሰሙናት ወይ ልዕሊኡ ብህይወት ክጸንሑ ስለዘኽእሎም፡ ኣብ ዕምቆት ዘለዎ ባሕሪ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ኣብ ገሉ-ገለ ኣጋጣሚታት ዝተፈጸመ ሓደጋ ሰራሕተኛታት እታ መርከብ ክሳብ ናይ ሂወት መድሕን ረድኤት ዝረኽቡ፡ ኣብ ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ ን100 መዓልታትን ወይ ልዕሊኡን ብህይወት ክጸንሑ ከምዝኸኣሉ ጸብጻባት መድሕን ይሕብሩ።

ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ፡ እዞም ዝስዕቡ ረቒሒታትን ካልኦትን ዘማልኣ ነጥቢታት የጠቓልል። ክልተ ዓለም-ለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ባሕሪ መልሕቕ፡ ነፍሲ-ወከፎም ተረር ረጉድን ለሚጽን (ስተት ዝብል) ገመድ (ሃውሰርን ትርፕሊንግ) ዘለዎም፡ እቲ ሓደ ቅያር ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ድማ - ንቕጻሊ ምስቲ ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ ዝተሓዘ እዩ።

እዚ ድማ፡ ኒታ ናይ ህይወት መድሕን ጃልባ ክትንሳሕ ወይ ኣብ ባሕሪ ከተንሳፍፍ እንከላ ናብ ኣንፈት ንፋስ ብምገጽ ከምዘዘርጋሕ ይገብሮ። ሓደሊ ነፍሲ-ወከፍ መልሕቕ ባሕርን ሃውሰርን ትርፒንግ ማስመሩን ንኸሉ ኣብ ባሕሪ ክፍጠር ዝኽእል ኩነታት ዝቈጻጸር ብቑዕ ከምዝኾውን ዝገብር እዩ። እቲ ናይ ባሕሪ መልሕቕ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጫፍ ናይ'ቲ ተንሸርሻሪ (ስዊቨል) ክስኲዕ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ገመዳት ክኾብጥ ተኽእሎ ዘይብሉ ዓይነት ዘማልአ ክኸውን ይግባእ። ከም ተወሳኺ፡ ክልተ ተንሳፋፊ ቀዘፍቲ ዘለዎ እዩ።

ናይ መድሕን ጃልባ፡ ሓደ ወማዊ ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ዕጥቂ ኣብ ማይ ዘይኣትዎ ቦርሳ ብጽኑዕ ክዕጸ ዝኽእል ዝሓዘት ኮይና፡ ቀንዲን ክተርፍ ዘይብሉን ኣብ ባሕሪ ካብ ዘጋጥሙ ሕማማት ክፍወስ ዝኽእል መድሃኒትን ካልኦት ተወሳኺት ሜላታትን ኣብ ባሕሪ ንዝርአዩ ሕማማት ክሽትእ ዝኽእል፡ ንነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣገልግሎት ዝህብ ዘማልኦት ምስ እትኸውን ተመሪጹ ይግበራ።

ድምጺ ምልክት ዝህብ ፊኮ፡ ኣርባዕተ ሮኬት ናይ ሃልሃልታ ፓራሹት፡ ሽዱሽተ ናይ ኢድ ሃልሃልታ ሓብሬታን (flare)፡ ክልተ ዘንሳፍፉ ምልክታት ትኪ፡ ሓደ ማይ ዘይኣትዎ ኤሌክትሪክ ላምፓዲና ንመልእኽቲ ምትሕልላፍ ዝዘውተር ሞርስ (Morse) ምልክት ንምሃብ ዝምችእ ምስ ሓደ ቅያር ጥማር ባትሪን ሓደ ቅያር ኣምፑልን ኣብ ማይ ዘይኣትዎ መትሓዚ፡ ብቑዕ ናይ ራዳር ኣንጸባራቒ ዝጥቓለለት ምኳና ንድሕነት ዝተኣማምን ይገብራ።

ኣብ ግዜ ሓደጋ ዘጋጠመኩ ንመራኽብን ነፈርትን ምልክት ንምሃብን ሓደ ናይ ቀትሪ ብርሃን ምልክት ዝህብ መስትያትን ምስ መምርሒታቱን ኣጠቓቕማኡን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ከምኡ ዘለዎ ምኳኑ እዩ። ኣብ መድሕን ጃልባ ክሳብ ረዲኤት ንዘይተወሰነ መዓልታት ክትጸንሕ ስለእትኽእል፡ ሓደ ጥሙር መሳርሒታት


መድሕን ሂወት ጃኬት ኣብ ባሕሪ

ምግፋፍ ዓሳ ዘማልኣት እያ።

ኣብ ባሕሪ ካብ ዝፍጠሩ ሓደገኛ ንፋሳትን ቁረን ንምክልኻል፡ ሓደ - ጥዕናን ድሕነትን ባሕረኛታት ምሕላው ስለዝኾነ ክንከላኸሎ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ብዝበርቱዕ ንፋስን ቁረን ዝመጽእ ሳዕቤን ከቢድ ስለዝኾነ። ኣብ ግዜ ጉዕዞ ብፍንጻሹ ፈጣናት ጀላቡን ካልእን ኣብ ቃልዕ ንዝጓዓዙ ባሕረኛታት ከገልግል ዝኽእል ጃኬት፡ ንሓደሊ ናይ ንፋስ ክሰብሮ ወይ ክከላኸል ዝኽእል ከምዝሎ ክሕብር ይከኣል። ስለ'ዚ፡ ቀንዲ ተቘጻጸርቲ ባሕሪ ክጥቀምሉ ይግባእ።

ግቡእ ምሕደራ ድሕነት ባሕሪ ወጽኢቱ - ህይወት የድሕን፤ ካብ ምዕናው ጃልባ ወይ መርከብ ከምኡ'ውን ካብ ከበድቲ ሓደጋታትን መቝሰልትን ይከላኸል፤ ድሕነት ከበቢ ይሕሉን ሰላም ዘለዎ ጉዕዞን ኣሳልጦን ክህልወካ ይገብር። ስለ'ዚ ዝለዓለ ቀዳምነት ክዋሃቦ ዝግበኦ ድሕነት ስለዝኾነ፡ ወናንን መራሒ መርከብን ንኣባላቱ (ባሕረኛታት) ብዛዕባ ድሕነት ዝምልከት ትምህርቲ ክህብን ክሰልጥንን ክየጥቅዕን ቀንዲ ሓላፍነቱ እዩ።


ካብ ንፋስን ቁረን ባሕሪ ክከላኸል ዝኽእል ጃኬት


ናውቲ ድሕነት ዘይዓጠቐት ፋይበር ጃልባ

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH INSIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:25 | ዶክመንታሪ ፊልም |
| 15:25 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ስርሒት ባርንቱ፡ 1985 |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ሓጐስን ሕጉሳትን

11 ክፋል

**“ኣብዘ ህሞት እዚኣ ተሓጐስ። እዛ ህሞት ህይወትካ እያ።” - ዖማር ኻያም**

**“ሓጐስ ልክዕ ከም ጽንብላሊዕ እዩ። ደድሕሪኡ እንተ ኼድካ ኣይተርክቦን ኢኻ። ሃዳእካ ኮፍ እንተ ኢልካ ግዳ ኣብ ዝባንካ ባዕሉ ይዓልብ።” - ናታኔል ሃውቶርን**

ገለ ሰባት ንሓጐሶም ዝያዳ ካብ ፍቕራዊ ህይወት ክረኽብዎ ሃሰው ዝብሉ ኣለው። እዚ ካብ ባዶ ዝተበገሰ ኣይኮነን። ካብ ዘንበብዎ መጽሓፍቲ፡ ካብ ዝርኣይዎ ፊልምን ካብ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ባህሊ … ነቒሎም ክኸውን ይኽእሉ እዮም።

ካብ ፍቕሪ ሃዳምካ ምንባር ቀሊል ኣይኮነን። ፍቕሪ ንዝዮመቑ መንፈሳዊ ዕብየትና ናይ ምጽላው ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ፍቕሪ ብሓልዮትን ናይ ብሓቂ ፍትወትን ምስ ዝሰኒ ሓጐስ ናይ ምፍጣር ተኽእሎኡ ኣመና ዝለዓለ እዩ። በዚ ድማ ከም እወታዊ መዳይ ክጥመት ግድን እዩ።

ፍቕሪ ከም ፋንታዝያ ክርአ እንተሎ ግዱ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ይዓዝዝ። ምኽንያቱ ጭንቀትን ምጥርጣርን ክኸውን ይኽእል። ኣብ ከምዚ መዳይ ‘ፍቕሪ’ ብኣሉታ ክዮምዮም ተኽእሎ ኣሎ።

ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሓያሰቲ ዝተወልዱ ዕሸላት ኣብ መንነቶምን ኣብ ዝተረፈ ክፋል ኣድማዕን ንዘሎ ፈልዮም ኣየለልዩን እዮም። ንዓኣቶም ስምዒት ውልቃዊ መንነት የብሎምን። መንነቶም ኣብ ኣዲኦም፡ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤቶምን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራትን እተደረተ እዩ። ኣብይ ጀማሪኦም፡ ኣብይ ከም ዝውድኡ ከቶ ኣይፈልጡን እዮም። ሓደ ነገር ኣብ ጥቓኦም ጨርባሕብሕ እንተ ኢሉ፡ ነቲ ጨርባሕብሕ ከም ኣካሎም ይቖጽርዎ። እቲ ጨርባሕብሕ ካብኦም እንተ ርሒቑ ከኣ ህሉው ናይቲ ጨርባሕብሕ ዘብቅዕ ይመስሎም።

ሓደ ዕሸል ውልድ ምስ በኣ ሓደ ፍሉይ ባህሪ (hard wired) ኣምንዕብልን እዩ። እቲ ህጻን እናዓበየ ክመጽእ እንከሎን ሓገንሉ ክምዕብል እንከሎን ናይቲ ህጻን ምትእስሳር ምስ ዓለም ዝያዳ እተራቀቐ ይኸውን። ወዮ ህጻን ብዘየማታ ስምዒት ውልቃዊ መንነት ከማዕብል ይጅምር። ‘ናተይ’ ብምዝራር ‘ናይ ካልኦት’ እናበለ ክለሊ ይጅምር።

ማዕረ ማዕረ ናይ’ዚ ዝጠቐስናዮ፡ ስምዒት ተዃሊ ከማዕብል ይኽእል። ቀስ ብቐስ ናይ ጉዳ ርእሱ ሕጽረታት ዝፈልጠሉ ንቕሓት ከጥሪ ይጅምር። ብርግጽ፡ ማዕርሒ ምህናጽ ውልቃዊ መንነት ክሳብ ግዜ ቁልዕነት ከምኡ’ውን ግዜ ኮተቴነት/ ግርዘውና ይቕጽል።

ናይ ሰባት ስምዒት እንታይነቶም፡ ከም ወጽኢት ምምዕባል ውሽጣዊ ውቅልናኦም እዩ ዝኸሰት። እቲ ዝጠልለ ክፋሉ በቲ ኣፈብራቕ ቀዳማይ ርክቦም ምስ ኣገደስቲ ሰባት ኣብ ህይወቶም ይፍጠር። ኣጠቓሊልካ ክርአ እንከሎ፡ በቲ ንሳቶም ብሓፈሻ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎም ኣፈብራቕ እዩ ዝፍጠር።

ብዘየማታ፡ እቲ ውልቃዊ መንነት ከምኡ’ውን ቅርጺ ውሽጡኣእምሮ (intrapsychic) ዝያዳ እናተሓላለኸ ይመጽእ። የግዳስ ገለ ካብ ክፋልና ናብ ዳሕራዋይ ኮንት ህላወና ጌሩ ዝሕጥ ክብል ይደሊ ይኸውን። እዚ ኮንት ፍናሃ ኩይኑ፡ ስምዒት ተዃሊ የብሉን ስምዒት ምፍልላይ የብሉን።

ፍቕርን ሓጐስን መሰረቶም ኣብ ርህራህ እንተ ዘይገደሮም፡ ልክዕ ከም ኣብ በረድ እተሰረተ ህንጻ እዮም። ንትርጉም ርህራህ ወይ ብቕዓቱ እምበኣር፡ ምእንቲ ንዖና ከጥዕመና ኣዕሚቕና ኢና ክንርድኦ ዘሎና። ርህራህ መንገዲ ምኽስኻስ ስምዒት ፍቕርን ፍትወትን ጥራይ ኣይኮነን።



ብዙሓት ሊቃውንቲ ስነ ልቦና እዚ ግዜ፡ እቲ ተመክሮ ናይ ፈለማ ስኒት (oneness) ናብ ትሕተ ውናና ከም ዝኣቱ ይሰምዕዎ። ክንዲ ሰብ ምስ ኣኻልና ኽኣ፡ ንትሕተ ውናን ውልቃዊ ፋንታዝያታትናን የፍቅደሎም። ከም እምንቶ እቶም ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ ሓደ ሰብ ምስ ዘፍቅራ ጓለንስተይቲ ክለግብ እንከሎ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ምስ ኣዲኡ ዝጠዓበቶ ዝሐበረ ተመክሮ እዩ ዘየኻኽር። እዚ ነቲ ምትሃታዊ ስምዒት ማለት ስምዒት ፈሊጡ ኸሉ ዳግማይ ይፈጥሮ - እወ ልክዕ ከም ኩሉ ነገር ዝከኣል። ዝ ኸማዚ ዓይነት ስምዒት ክትሰዕሮ ምሓር ከቢድ እዩ።

ስምዒት ፍቕሪ ሓያል ምኻኑ እምበር፡ ከቶ ዘበርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ፍቕሪ ዕቑባ ብምሕታት፡ ዝበለጸ ሓጐስ ክረኽቡ ምፍታኖም ከማን ዘበርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

እቲ ህቡብ ደራሲ ኦስካር ዋይልድ፡ “ሓደ ሰብ ፍቕሪ ክጅምር እንከሎ፡ ኩሉ ሻብ ንኻልእ ሰብ እናታለለ እዩ ዝጅምር። ፍቕሪ ክውድእ እንከሎ ኸኣ፡ ኩሉ ሻብ ንገዛእ ርእሱ የታልል። ዚ እያ ዓለም ፍቕሪ ትብሎ ዘሎ።” ብምባል ገሊጽዎ ነይሩ።

ኣቐዲምና፡ ተራ ቅርበትን ጥልቁ-ርክብን ከም ኣገደስቲ ኣዕኑድ ሓጐስ ደቂ ሰብ ዳህሲስናዮም ነይርና። ብዘዕባኡ ዋላ ሓንቲ ዘማትእ የልቦን። የግዳስ ሓደ ሰብ ኣብ ዝምድና ነባሪ ዕግበት ዝህብ እንተ ኾይኑ፡ መሰረት ናይቲ ዝምድና ተሪር ክኸውን ይግባእ።

እንተስርቶም ዝምድናታት መሰረቶም ኣብ ብሉጽ ፍትወት፡ ብቕዓቶን ከም ደቂ ሰብ ኣብ ሓብራዊ ምክብባርን ክኸውን ይግባእ። ዝምድናታት ኣብዛም ዓይነታት ምስ ዝሰርሑ፡ ምስ ኣፍቃርትናን መጻምድትናን ጥራይ ዘይኮኑ ምስ ዓርኪ መሓዛትና፡ ፈለጥትና ወይ ኢጋይሽ — ወረግ ምስ ኩሉ ደቂ ሰብ፡ ዓሚቑን ትርጉም ዘለዎን ምትእስሳር ክንፈጥር ይሕግዘና። እዚ ደረት ዘይብሉ ተኽእሎን ዕድልን ንምትእስሳር ይኸፍት።

መንገዲ ምምሕያሽ ዝምድናና ምስ ካልኦት ጥራይ እውን ኣይኮነን። ርህራህ ኣገዳሲ ሰፊሕ ኣምር እዩ።

ርህራህ ብመንጽር ኮንት ኣእምሮ ክግለጽ ይኽእል እዩ። እወ ርህራህ ማለት ዘይገተጸዊ፡ ዘይጉዳእን ዘይኣጥቃዕን እዩ። ርህራህ ኣእምሮኣዊ ኣመለኻኽታ ኩይኑ፡ ኣብ ትምዒት ካልኦት ሰባት ካብ ስቅያቶም ናጻ ክኾኑ እተሰረተ እዩ። ምስ ስምዒት ተወፋይነት፡ ሓላፍነትን ክብረትን ንኻልኦት እተኣሳሰረ እዩ።

ብዛዕባ ርህራህ ክንዛረብ እንከለና፡ ቅድም ቀዳድም ኣብ መንጎ ክልተ ዓይነት ፍቕሪ ወይ ርህራህ ዘሎ ፍልልይ ክንፈልጦ ይግባእ። እቲ ሓደ ዓይነት ርህራህ ምስ ምትእስሳር ዝተሓላለኸ እዩ — ስምዒት ንገለ ሰብ ምቍጽጻር ወይ ንገለ ሰብ ምፍቃር ምእንቲ እቲ ሰብ ተመሊሱ ከፍቅረና። ከም እዚ ዓይነት ፍቕሪ ወይ ድንጋጸ ምሓር ከፈላውን ቒናንን እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጥራይ እተሰረተ ዝምድና፡ ርግኣት ክህልዎ ኢልካ ምጽባይ የዋህነት ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ከምዚ ዓይነት ከፈላዊ ዝምድና፡ ነቲ ሰብ ከም ዓርኩመሓዛ ምቕራጽን ምልላይን ዝሰረተ ናብ ስምዒታዊ ምትእስሳርን ስምዒታዊ ምቅርራብን የምርሕ ይኸውን። የግዳስ ኣብቲ ኩነታት ገለ ለውጢ እንተ ተኸሲቱ ገለ ዘይምስምማዕ እንተ ተፈጢሩ ወይ እቲ ዓርክኻ ከሕርቐካ ገለ ነገር እንተ ገይሩ፡ ብኡኡ ንቡኡ ኣእምሮኣዊ ዝርገሐኻ (mental projection) ይልወጥ። እቲ ኣምር፡ “ዓርከ መሓዛይ” ብኡኡ ንቡኡ ኣይጸንሐን። ካብኡ እቲ ስምዒታዊ ምትእስሳር በዚኡ ትረኽቦ። ኣብ ክንዲ ስምዒት ፍቕርን ሓልዮትን ስምዒት ጽልኢ ይህልወካ። ምእንቲ’ዚ፡ ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ ኣብ ሕግዙቦዙብ እተመስረተ፡ ብጥቡቕ ምስ ጽልኢ እተኣሳሰረ ክኸውን ይኽእል።

የግዳስ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕግዙቦዙብ ሓራ ዝኾነ ካልኣይ ዓይነት ርህራህ ወይ ብቕዓቱ ኣሎ። እዚ እቲ ሓቀኛ ርህራህ እዩ። እዚ ዓይነት ብቕዓቱ “እዚ ሰብ እዚ ንዓይ ክቡር እዩ። እቲ ሰብ እቲ ግዱ ንዓይ ሕስር እዩ።” ኣብ ዝብል ሚዛን እተሰረተ ኣይኮነን።

እቲ ናይ ብሓቂ ብቕዓቱ ኣብ ርትዓዊ ኩሎም ደቂ ሰብ ብተፈጥሮኦም ሕጉሳት ክኾኑን ንሕሰምም ከወግዱን ባህጊ ከም ዘለዎም እተሰረተ እዩ። ዚ ማሰረታዊ ባህጎም ምምላእ ባህርያዊ ማሰለም እዩ።

ብመሰረት ኣፍልጦ እዚ ማዕርነትን ሓብራውነትን ንሸኻ ስምዒት ምጭንናውን ቅርበትን ምስ ካልኦት ሰባት ተሕድር። ዚ ከም መሰረት ብምውሳድ፡ ነቲ ሰብ ከም ዓርኩመሓዛ ወይ ከም ጸላኢ ርእዮ ብዘየገድስ፡ ስምዒት ድንጋጸ ክሓድረካ ይኽእል እዩ።

በዚ መሰረት፡ ንሸኻ ፍቕርን ርህራህን ተመንጩ። እዚ እዩ እምበኣር ብዘይጥርጥር፡ እቲ ናይ ብሓቂ ርህራህ ወይ ድንጋጸ ዝበሃል።

ክንዲ ዝኾኑ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዓይነታት ብቕዓቱ ዘሎ ፍልልይ ብዝዮዮእ ተረዲኡና ክኸውን ተስፋ እገብር። ሓቀኛ ብቕዓቱ ምኽስኻስ ኣብ ህይወትና ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ኣይጠፍኣናን እዩ። ንኣብኡ ኣብ ሓዊር፡ ብሓፈሻ ኣካል (component) ናይ ስምዒታዊ ሕግዙቦዙብ ኣሎ። የግዳስ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር ከም ክልተ ሰብ እተሰረተ፡ ኣካል ሓቀኛ ብቕዓቱ እውን እንተ’ልዩ እቲ ሓዊር ክሳብ መጠረሽታ እቶም መጻምዲ ብህይወት ዝህልውሉ ይቕጽል።

ኣብ ጉዳይ ስምዒታዊ ሕግዙቦዙብ ብዘይድንጋጹ እቲ ሓዊር ምሐር ዘየርገእ ይኸውን እሞ፡ ከም ሳዕቤኑ ቀልጢፉ ይብተን።

እቲ ሓሳብ ምምዕባል ዝተፈላለዩ ዓይነታት ድንጋጹ ዝያዳ ኣድማዒ ድንጋጸ ኩይኑ፡ ሓፈሻዊ ዓይነት ድንጋጸ ካብ ውልቃዊ ስምዒት እተፈልየ እዩ።

ኣብ መንጎ ሓቀኛ ፍቕሪ ወይ ብቕዓቱ ከምኡ’ውን ኣብ ሕግዙቦዙብ እተሰረተ ፍቕሪ ዘለዉ ስምዒታት፡ ኣብ ዓይነቶም ዝተፈላለዩ እዮም። ስምዒት ሓቀኛ ብቕዓቱ ዝያዳ ሓያልን ሰፊሕን እዩ። እምብዛ ዓሚቑ ዓይነት እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ሓቀኛ ፍቕርን ብቕዓቱን ዝያዳ ርጉእን ዝያዳ ተኣማንን እዩ።

ብርግጽ ብቕዓቱ ካብዚ ብዝዮመቑ ክትርገም ይኽእል እዩ። ብቕዓቱ ስምዒት ዘይምጽዋር ንሕሰም ካልኦት ሰባት እዩ። ንስቅያት ሰባት ጥራይ ዘይኮኑ ንስቅያት ዝኾነ ፍጡር ዘይምጽዋር ከማን ከጠቓልል ይኽእል። ከም እዚ ዓይነት ስምዒት ብቐሊሉ ዝጥረ ኣይኮነን። ንዕቱብኡ ወይ ክብደት ስቅያት ናይ እቲ ካልእ ሰብ ብዝዮዮእ ክትርዳእ የድሊ። ዝያዳ ብምልኣት ነቲ ስቅያት ብዘተረደኣኻዮ መጠን ከምኡ’ውን ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ስቅያት ዝያዳ ብዘተረደኣኻዮም መጠን፡ ብኡኡ መጠን ዕምቈት ድንጋጸኻ ይወስኽ።

ብቕዓቱ ማለት እምበኣር፡ ንገዛእ ርእስኻ ንስቅያት ካልኦት ሰባት ንምስማዕ ክፍትቲ ምግባር እዩ። ንስቅያት ካልኦት ሰባት ምክፋል እዩ።

ኣብዚኣ ሓንቲ ኣገዳሲት ሕቶ ክትቀርብ ትኽእል እያ። ንሳ ድማ “ንባዕልና ክንዓቕ ዘይንደሊ ክንሰ፡ ስለምንታይ ኢና ንስቅያት ካልኦት ሰባት ክንካፈል ዘሎና?” እትብል እያ።

መብዛሕትና ስቅያትና ከቃልል ብዙሕ ኣማራጺታት ኢና ሃሰው እንብል። ገለ ሰባት እሞ ኸኣ ንስቅያቶም ክርስዑ ክብሉ ክሳብ ግዙዖት ወልፊ ኣልኮልን ሓሽሽን ምኻን ዝበጽሑ ኣለው። እዚ ብርግጽ ቅኑዕ ምርጫ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ከምዚኦም ዓይነት ወልፍታት፡ ማእለያ ዘይብሎም ስቅያት ሒዞምልካ እዮም ዝመጽኡ።

ኒታ ኣገዳሲት ሕቶ ንምምላስ ደኣ ነድህብ። ኣብ መንጎ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ስቅያትን ንስቅያት ካልኦት ሰባት ንምክፋል ኢልካ ብዓይኒ ድንጋጸ እትስከሞ ስቅያትን ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘሎ። ብዛዕባ ናትካ ስቅያት ክትሓስብ እንከለኻ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ውሽጥኻ ኢኻ እትጥሕል። ልዕሊ ዓቕምኻ ሰኺም ከም እተጸዓንካ ይስመዓካ። ገለ ነገር ከም ዝጸቐጠካ ይፍለጠካ። ክሳብ ዕርበት-ሕልና ክወርደካ ይኽእል እዩ። ኩሉ ኣካላትካ ረሺሽ ኢሉካ፡ ክሳብ ኣብ መሬት ረፈጥ ክትብል ትደናደን።

ብመንጽሩ፡ ድንጋጸ ወይ ብቕዓቱ ከተንጸባርቕ እንከለኻ፡ ንስቅያት ካልኦት ሰባት ክትስከም እንከለኻ፡ ኣብ ፈለማ ገለ ዘይምእምኣካ ስምዒት ክወርደካ ይኽእል ይኸውን። እወ ዘይምቹእነት ወይ ምጽዋሩ ዝኸበድ ስምዒት ክጀማምረካ ይኽእል እዩ። እዚ ስምዒት ግዳ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ እዩ። ነቲ ዝሰምዓካ ዘይምቹእነት ብልዑል ንቕሓትን ተወፋይነትን ኢኻ እትጥምጦ። እቲ ምንታይሲ፡ ንስቅያት ካልእ ሰብ ደይመደይ ኢልካ ብወለንታኻን ተቐቢልካ፡ ንዝለዓለ ዕላማ ኢኻ ተዓሊኻ ዘለኻ።

ኣብዚ መዳይ ስምዒት ምትእስሳርን ተወፋይነትን ኣሎ። ንናይ ካልእ ሰብ ስቅያት ክትቅበል ፍቓደኛ ኢኻ እትኸውን። ኣብዚ ስምዒት ንጹህነት እምበር፡ ስምዒት ምብዕጋግ ኣይሓድረካን እዩ። እዚ ምስ ጉዳይ ሓደ ኣትሌት ተመሳሳሊ እዩ።

ሓደ ኣትሌት ከቢድ ልምምድ ክገብር እንከሎ፡ ኣብ ፈለማ ከቢድ ስቅያት ክሰምዖ ይኽእል እዩ። ደም ይርሀጽ፡ ኣካላቱ ይቐራጥጥ፡ ከቢድ ድኻም ይሰምዖ …። የግዳስ ወዮ ኣትሌት ዚ ከም ኣቐንዛዊ ተመክሮ ኣይወስዶን እዩ። ብኣንጻሩ’ኳ ደኣ ከም ዓቢ ዓወት እዩ ዝጥምቶ። ነቲ ተመክሮ ምስ ቃንዛ ዘይኮኑ ምስ ባህታ የተኣሳስሮ።

ንሓደ ሰብ ብዘይድሌቱ እንተ ኣገዲዕካዮ ግዱ ጸቢቑ ስምዒት ክሓድሮ ኣይትጸበዮን ኢኻ። “ስለምንታይ እየ ናብ ከምዚ ድኻም ዘቃልዕኒ ዘለኹ።” እናበለ ናብ ምዕዝምዛም እዩ ዝኣቱ። እቲ ምኽንያት ቀሊል እዩ። ብዘይፍቓዱ ክገዱ ስለ እተገብረ።

**“ንገዛእ ርእስኻ እተሓጉሰሉ ዝበለጸ መንገዲ፡ ንኻልኦት ሰባት ከም ዝሕጉሱ ብምግባር እዩ።” - ማርክ ትወይን**

**“ሕጉስ ክትከውን እንተ ደሊኻ፡ ሓጐስ ንኽትረኽብ ኣይትተሃንደድ።” - ሀሮግላ ጉናራታና**

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ERITREA
## Specific Procurement Notice (SPN)/ Invitation for Bids
(One-Envelope Bidding Process)

### Design, Supply, Installation, Configuration and Training for Eritrea Integrated Tax Administration System (ErITAS) Software and IT Infrastructure

Purchaser: **Ministry of Finance and National Development (MoFND)**

Project**: Eritrea Strengthening Tax Administration (ESTA) Project**

Contract title**: Design, Supply, Installation, Configuration and Training for Eritrea Integrated Tax Administration System (ErITAS) Software, Hardware and related IT Equipment**

Country**: State of Eritrea**

Grant No.: **5900155015701**

RFB No: **OCBI-MoFND-AfDB-01/2023**

1. The **Government of the State of Eritrea** has received financing from the African Development Fund toward the cost of the Eritrea Strengthening Tax Administration (ESTA) Project and intends to apply part of the proceeds towards payment under the contract for **Design, Supply, Installation, Configuration and Training for Eritrea Integrated Tax Administration System (ErITAS) Software, Hardware and related IT Equipment**.
2. MoFND now invites sealed Bids from eligible Bidders for the provision of Eritrea Integrated Tax Administration System (ErITAS) Software and IT Infrastructure, including:
   a) Supply, Installation, and Configuration of ErITAS software, hardware and related IT equipment;
   b) Implementation Services including training, change management, and quality assurance;
   c) Legacy data cleaning/validation and migration from current to new ErITAS system;
   d) Deployment of system from Main Production Site to other sites/locations in Asmara, and in all IRD Offices in Zobas;
   e) Ensuring data replication and business continuity in the event of a disaster;
   f) Provide Support Services in the form of a Service Level Agreement;
   g) Implement the complete solution including achievement of operational acceptance, post operational acceptance, and warranty.
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), OCBI procedures as specified in the **Bank's Procurement Policy for Bank Group Funded Operations dated 2015** and is open to all eligible Bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the **Procurement Unit, Ministry of Finance and National Development (MOFND), Asmara, Eritrea**. Email address: hnkbereket@gmail.com copy meraktion@gmail.com Tel +291-1-124698/111893 during office hours (08h: 00 to 17h: 00 local time) on week days except public holidays.
5. The bidding document in **English** may be purchased by interested eligible Bidders upon the submission of a written application to the address below and upon payment of a nonrefundable fee of **USD 100 or equivalent in a convertible currency**. The method of payment will be made either through **Western Union** or **Agents** in Asmara. The document will be sent to prospective bidders by **email** after verification of payment.
6. Bids must be delivered to the address below on or before **16H00 local time** on **1st November, 2023**. Late Bids will be rejected. Bids will be opened in the presence of the Bidders' designated representatives at the Ministry of Finance and National Development conference Hall on the **1st November, 2023 16H00 local time**.
7. All Bids must be accompanied by a **Bid Security** of **USD 40,000 (Fourty Thousand United States Dollars)** or its equivalent convertible currency.
8. **Attention is drawn to the Procurement Regulations requiring The Ministry of Finance and Development Planning as the Purchaser to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.**
9. The address referred to above is:
   **ESTA Project**
   **Attention: Mr. Henok Bereket, PIU Procurement Unit Head**
   **The Ministry of Finance and National Development (MoFND),**
   **Email address: hnkbereket@gmail.com, Tel: +291-1-124698**
   **Asmara, Eritrea**

## ምልክታ ንወነንቲ ብርኪ. ኤርትራኮ

ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ. ኤርትራኮ ብርኻዊ ማሕበር፡ 16 መስከረም 2023 ካብ ሰዓት 08:30 ጀሚሩ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክካየድ መደብ ኣሎ። ኣብ'ዚ ዕለት ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ ዝቖጸል ኣኼባ ዕለት 23 መስከረም 2023 ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ'ውን ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ 30 መስከረም 2023 ብዝተረኽበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣኼባ ክካየድ እዩ።
ስለዚ ኩልኹም ወነንቲ ብርኪ. ኤርትራኮ ወይ ሕጋውያን ወኪላት፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተጠቐሰ ቦታን ሰዓትን ክትርከቡ ብኽብሪ ንዕድም።

ቦርድ ኤርትራኮ

## ምስጋና



ብምኽንያት ሞት ኣዚና እንፈቅሮ ኣቦና ኣቶ ርእሶም ተምነዎ፡ ኣዴና ወ/ሮ መድህን ቀሺ. ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣሕዋትናን ደቅናን ገዛኢ. ርእሶም፡ ኣበባ ርእሶም፡ መንግስትኣብ ርእሶም፡ ረዘነ ርእሶም ተምነዎ ኣብ መካነ መቓብር ዓዲ ሃንስ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምጻእ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብ ነበርቲ ዩቱብሪ ሽወደን፡ ማሕበረ ኮም ስካንዲናቭያ ከምኡ'ውን ቤት ጽሕፈት ቀንስላዊ ጉዳያትን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ንገልጽ።

ኣሕዋቱ፡ ፍረወይኒ ርእሶም፡ ኣዜብ ርእሶምን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብስም ዘይኑብ መሓመድኑር ዓብደልቓድርን ሳልሕ ያሲን ፋይድን ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ. ኣባሻውል ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና 119-7 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቊ.ንብረት 1:002607 ዋንነቱ ዝተረጋገጸ መንበሪ ገዛ ናብ ዓናጊት ዘይኑብ መሓመድኑር ዓብደልቓድር ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ከቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ናብ ስም ዓናጊት ከመሓላልፍ ምኻነይ እሕብር።

ሳልሕ ያሲን ፋይድ

ኣነ ደሃብ ኣማረ ሃብተስላሴ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 01ምም.01 (ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ) ጉደና ኣበራ ይግዛው ነበር ሓዲሽ ጉደና ሚኒክ ቁጽሪ ሎታ 44 ፓርሰል ዞን C ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111447 መወከሲ. ቁጽሪ 1172209 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 4360867022 ብስም ወላዲተይ ኣፍ ወ/ሮ ሃንሱ መረሳ መንግስቱ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ወላዲተይ ብውርሲ. ስለዝረኸብኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ደሃብ ኣማረ ሃብተስላሴ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ስልጠና ሕክምና ስፖርት ይህብ ኣሎ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 4 ክሳብ 7 መስከረም ዝቕጽል ሓኪይም ጋንታታት ዝሳተፍዎ ስልጠና ሕክምና ስፖርት ኣብ ኣስመራ ይህብ ኣሎ።

እዚ ካብ ዝተፈላለያ ጋንታታት ሃገርና ዝመጽኡ 30 ሰልጠንቲ ዝሳተፍዎ ዘለዉ መደብ፡ ብኽልሰ ሓሳብን ግብርን እዩ ዝውሃብ ዘሎ። ዕላምኡ ኸኣ ዓቕሚ ሕክምና ስፖርት ሃገርና ምዕባይን ኣብ ግዜ ግጥምታት ዘኽስቱ ሕክምናዊ ጸገማት ብግቡእ ንምእላይን እዩ።

ትሕዝቶ'ቲ ስልጠና ድማ፡ ሕክምና ተጻወትቲ፡ ቀዳማይ ረዲኤትን መሰረታዊ ህይወት ኣድሕንን፡ ስርዓተ ኣመጋግባ ተጻወትቲ፡ ብዛዕባ ኣወሰፍቲ ሓይሊ ወሃብቲ ወጉዳት መድሃኒታት ኣፍልጦ ምዕባይ፡ ኣትሌቲክ ሕክምና (ፊዝዮትራፒ)፡ ዝውቱር ወቕሳዊ ሕማማት ኣብ ስፖርታውያን



ሙብርሂ ምሃብን ንቕሓት ምብራኽን ምኻኑ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።

እዚ ስልጠና፡ ብዶ/ር ተስፋስላሰ እዮብ ኣቦ ወንበር ኮሚቴ ሕክምና ናይ'ቲ ፈደረሽን፡ ዶ/ር ሚልኪያስ፡ ማሳጅ ተራፒስት ሰለሞን ሓምዱ፡ ኣስመሮም በራኺ፡ ኤልሳ ብርሃን ተኸሉ ጺጋይን ዝተመርሐ ምዃኑ፡ ካብ'ቲ ፈደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ

"ስራዊት ሓበን ኣብ ስጡም ማሰርዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ ዝካየድ ዘሎ መበል 15 ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል፡ ትማሊ'ን ብቕድሚ ትማሊ'ን ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ቀጺሉ።

ኣብ ኵዕሶ መርበብ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ መኸተን ዓንበርበበን ተጋጢመን - ዓንበርበበ 2-ብ0 ተዓዊታ። ኣብኡ የውሃና መልኣከ ከኣ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ኮይና ወዲኣ። ብዘይካ'ዚ፡ ሓረና ንብድሆ ብተመሳሳሊ ወጽኢት ስዒራታ።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዓንበርበበ ኣንጻር መኸተ ተጻዊታ 3-ብ0 ተዓዊታ። ተጻዋታያ ሸደን ተሰፋይ ከኣ፡ ኣብ ዓወት ጋንታኡ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ። ቀጺለን ሓረናን ብድሆን እየን ተጋጢመን። ብድሆ፡ ወላ'ኳ ኣብ ቀዳመይቲ ሴት ተዓዊታ እንተነበረት፡ ሓረና ግና፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3-ብ1 ተዓዊታ። ተጻዋታይ ጋንታ ሓረና ኣምባሳደር ኀይትኦም፡ ከምኡ'ውን ኣባል ብድሆ ዓብደልዓዚዝ መሓመድ ድማ፡ ሱሓቢ ምንቅስቓስ ብምርኣዮም ብተዓዛቢ ተመጕሶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝበረ ግጥማት ኵዕሶ ሰከይት፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ሓረና ንመዛኖኣ ክንፊ 31-ብ21 ክትረትዓ እንከላ፡ ብድሆ ከኣ፡ ንመኸተ 24-ብ12 ኣሰኒፋታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓንበርበበ ንሰንጦቕ ብበሬሕ 61-ብ27 ከተሰንፉ እንከሎ፡ ኣብኡ ዓንዶም ኣበበ 12 ሹቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ ተመሳሳሊ ጸታ፡ ብድሆ ንንስሪ 61-ብ38 ስዒራታ። ኣብ'ዛ ጸወታ፡ ኣባል ብድሆ ኤርም ተሰፋይ 21 ሹቶታት ብምቕጻር ዓቢ ተራ ክጻወት እንከሎ፡ ተጻዋታይ ንስሪ ናሆም ተኽለዝጊ ከኣ፡ ካብ ስዕረት ዘይናግፎ 13 ሹቶታት ኣመዝጊቡ።

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ፡ ፈለማ ዓንበርበበን ሸዐላን ተራኺበን። ዓንበርበበ፡ ቅድሚኒ ድሕሪን ዕረፍቲ ብተኸታታሊ ካብ ሚካኤል ዘርኣይ፡ ብርሃ መሓሪ፡ መድሃኔ ሰዩምን ኣቤል ዓንደብርሃንን ብዘመዝገበተን ሹቶታት 4-ብ0 ተዓዊታ። ብርሃ መሓሪ ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ጸወታ ንስሪን በረራን ስዒባ ዝተኻየደት እያ ነይራ። ሚዛናዊት ክንሳ ግና ከኣ ጎዶሎ ዝተራእየላ እዛ ጸወታ፡ ዑመር እድሪስ ብዘመዝገቦ ሹቶ ብመሪሕነት በረራ እያ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓ። ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ፡ በረራ፡ ካብ ብርሃ ተሰፋሚካኤልን ኀይትኦም በሻውን ክልተ ሹቶታት ብምቕጻር፡ ኑታ ካብ ቢንያም ግርማይ እንኮ ሹቶ ዝረኸበት ንስሪ 3-ብ1 ስዒራታ። ኣባል እዛ ዕወትቲ ጋንታ ኣድም ፈረጃ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ምጽውዑ ከኣ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ።

## ዘረባ ሮናልዶ እናሓደረ ይገሃድ . . .

ወሃንቲ ማን ዩናይትድ ዝኾኑ ስድራቤት እንዳ ግሌዘር፡ ዝሓለፈ መዓልታት ነዛ ክለብ ከምዝሸጥዋ ብምግላጽ ካብ ዕዳጋ ድሕሪ ምስሓብም፡ እታ 'እዞም ወሃንቲ ነዛ ክለብ ኣይግድሰላን እዮም' እትብል፡ ዝሓለፈ ዓመት ክሪስቲያኖ ሮናልዶ እተዛረባ ዘረባ ትገሃድ ኣላ።

ነዛ ክለብ ንኽሸጥዋ ካብ ደገፍቲ ልዑል ጸቕጢ ዝተገበረሎም እንዳ ግሌዘር፡ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ዕዳጋ ከምዝወረዱዋ ይዝከር።





ካብ በልዮናራት ኣመራጺ ጃም ራትክሊፍን ቀጠራዊ ሸኽ ጃሲምን እውን ሓያል ተጉዳስነት ረኺባ ነይራ እያ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ከኣ እዞም ሰብ ጺጋ፡ በልዮናት ዶላር/ፓውንድ ሒዞም ማዕጾ ናይዞም ወሃንቲ ኳሕኳሖም ነይሮም እዮም።

ይኹን'ምበር፡ እዞም ወሃንቲ፡ ነዛ ን10 ኣዋርሕ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዶማ ዝጸንሑ ክለብ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ሓሳቦም ብምቕያር ካብ ዕዳጋ ከምዝሰሓብዋን እዚ ናይ ዕድጊ መስርሕ ክሳብ 2025 ከጽንሕዎ ከምዝደለዩን ተሓቢሩ ኣሎ። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ኣብ ዝመጽእ ክልተ ዓመታት ልዕሊ እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ደለይታ ከምዝቐረብዎ ዝገለጽ ኣሰታት ሽዱሽተ በልዮን ክረኽቡላ ከምዝኽእሉ ብምሕሳቦም እዮም። እዞም ንተቓውሞ ደገፍቲ ፋዕራ ዘይብሎም ወሃንቲ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ምስ ምዕባይ ኣታዊታት ተለቪዥን፡ ምዕባይ ዋንጫ ክለባት ዓለም ናብ 32 ጋንታታት፡ ከምኡ'ውን ምስ ጽልዋ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ዋጋ እዛ ክለብ ካብ ሸውዓተ ክሳብ 10 በልዮን ፓውንድ ክበጽሕ ከምዝኽእል እዮም ዝሓሰቡ።

በዚ ኸኣ ኑቶም ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ጋንታኦም ናብ ዕዳጋ ወራዳ ብምንባር ብመጠኑ ካብ ተቓውሞ ዝሐለዎም ዝጸንሑ ደገፍቲ ዳግማይ ዘለዓዕል ክሾውን ትጽቢት ይግበር። ክጽዮኡ ከኣ፡ ሮናልዶ ቅድሚ 10 ኣዋርሕ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ እታ ብዛዕባ'ዞም ወሃንቲ ዝተዛረባ ዘረባ፡ እናሓደረት ትገሃድ ምህላዋ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ቃለመሕትት ዳግማይ ብምጥቃስ ምንጪታት ሓቢሮም።

ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ሕዳር ምስ ፒርስ ሞርጋን ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት እዩ፡ ብዛዕባ'ዞም ወሃንቲ ዘለዎ ዘይዕጉብነት ዝደርጎሖ። CR7፡ "እዞም ወሃንቲ ብዛዕባ እዛ ጋንታ ኣይግድሰን እዮም። ከም ትፈልጥዎ ማን ዩናይትድ ናይ ዕዳጋ ክለብ እያ። ካብ ዕዳጋ እዛ ጋንታ ከኣ ገዚኦም ይረኽቡ። ብናተይ ኣረኣእያ ግና፡ ኣብ ስፖርት ብሓቂ ኣይግድሶን እዮም።" እዩ ኢሉ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2021 ደጊሙ ናብ'ዛ ጋንታ ዝተመልሰ ሮናልዶ፡ እዛ ጋንታ ከም'ቲ ቅድሚ 20 ዓመታት ዝገደፋ/ዝበረቶ፡ ኣብ ትሕቶ ቅርጺ ዝኾነ ለውጢ ከይገበረት ከምዝጸንሐቶ ገሊጹ ነይሩ። በዚ ኣካይዳ'ዚ ከኣ፡ ዩናይትድ፡ ኣብ ዝመጽእ ክልተ-ሰለስተ ዓመታት ምስ ላዕለዎት ክለባት ክትሰርዕ ክኸብዳ ምዃኑ ርእይቶኡ ሂቡ ነይሩ። ደገፍቲ እዛ ጋንታ እውን፡ ክለቦም ኣብ ትሕቶ ቅርጺ (ናይ ስታድዮም፡ መሳልጢ ማእከል) ለውጢ ዘይምግባራ ካብ መዛኑኣ ክለባት ከምዝትረፋ ብምግላጽ ሕዝን ምስ በሉ እዮም።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ሮናልዶ ድሕሪ'ታ ንተን ሃገ እውን ከምዝኾነብሮ ዝገለጸላ ቃለምልልስ፡ ምስ'ዛ ጋንታ ከብድን ሕቖን ብምኻኑ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከወጽእ እዩ ተቐሲቡ። ብደገፍቲን ገለ ናይ ቅድም ተጻወትታን እውን ተነቒፉ እዩ። እዞም ወሃንቲ፡ ንረብሓኦም ክብሉ እምበር ንዕቤታ ደሰርሑ ከምዘየለዉ ኣብ ዝገሃደሉ ዘሎ እዋን ግና፡ ዘረባ ሮናልዶ ሓቂ ምዃኑን እናሓደረ ይኸውሕ ምህላዉን ይሕበር።

## መቖሻሽ

### ምስሊ ሮናልዲኖ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ . . .

"ምስሊ ኣብ ዕዳጋ ይርከብ" ዝብል ምስሉ፡ ሓቂ ምዃኑ ኣይማትእን እዩ። ንመብዝሕትና እውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ንእንፈልጦ ሰብ ዝመስል ካልእ ሰብ ኢጋጢሙና ይኸውን እዩ።

ብፍላይ ከኣ፡ ንህቡብ ሰብ ዝመስል ምስ ዝኸውን፡ ዝያዳ ተጠማቲ ናይ ምዃን ዕድል ኣለዎ። እዚ ስለዝኾነ ድማ እዩ፡ ሓንቲ ካብ መዛኑኣ ፍሉይ ብቕዓት ዘይብላ ተጻዋቲት ኵዕሶ እግሪ፡ ልዕሊ መዛኑኣ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ክትለዓል ክኢላ ዘላ - ንሓደ ህቡብ ተጻዋታይ ስለ እትመስል።

እዛ ተጻወትቲ፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ኮይና፡ ሚቺ ሚሲስ እትብሃል ጓል 21 ዓመት ኣጥቃዒት እያ። ሚቺ፡ ቅምጥ ኢላ ንህቡብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ሮናልዲኖ እያ እትመስል። እዚ ናይ ቅድም ድንቂ ተጻዋታይ፡ ዝያዳ በተን ንሽንፈሩ ደፊኣን ዝወጻ ኣስናኑ እዩ ዝፍለጥ - ነዊሕ ጸጉሩ ከይረሳዕና። ምስ 'ማመሎዲ ሱንዶውንስ' እትብሃል ናይ ሃገራ ክለብ እትጻወት ሚቺ ከኣ፡ ኣፋን ብርኽ ዝበለ ናይ ቅድሚት ኣስናናን እዩ ልክዕ ንሮናልዲኖ ኣምሲሉዋ ዘሎ። ኣብ ርእሳ 'ስካፍ' ክትኣስር እንከላ እሞ፡ 'ሮናልዲኖ ኾ ኣብ ጸወታ ኣሎ' ክትብል ኢኻ እትቕሰብ።

ብምስሊ እዛ ተጻዋቲት ዝተገረሙ ገለ ተዓዘብቲ ከኣ፡ ኣስተንቲዮም ርእይቶ ኣብ ምሃብ ደርኪቦም። "ንዓይ፡ እዚ ሰኣሊ ናይ ሮናልዲኖ ናይ ንእሰነቱ ሰኣሊ እዩ መሰሉኒ"፡ "ጓሉ ድያ?"፡ "ማንታኡ ንሮናልዲኖ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ይጻወት ኣሎ"፡ "ሮናልዲኖ ዚ ጉዳይ መብርሂ ክህቡ ኣለዎ፡ ምኽንያቱ፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተዛዊሩ ምንባሩ ንፈልጥ ኢና" ክብሉ ጽሒፎም። ሓደ ተኸታታሊ ግና፡ "ሮናልዲኖ፡ ኣብ ሲድኒ ኣብ ዝተኣንገደ ኦሎምፒክ 2000፡ ኣንጻር ደቡብ ኣፍሪቃ ተጻዊቱ ነይሩ፣ እዛ ጓል ከኣ፡ ኣብ 2001 እያ ተወሊዳ" ብምባል፡ ምናልባትዶ ካብቶን ክድግፉ ዝመጽኣ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ወለዱዋ ይኾኑ ክበል ግምቱ ሂቡ።





## ባይሊ፡ ኣሰር ፍረድ ሰዒቡ

ተኸላኻሊ ክለብ ማን ዩናይትድ ኤሪክ ባይሊ፡ ብቐዋሚ ንሓደ ዓመት ምስ ቱርካዊት ክለብ በሽክታሽ ንምጽዋት ብናጻ ተሰጋጊሩ።

ዝሓለፈ ዓመት ብልቓሕ ማልያ ማርሴ ለቢሱ ዝተጻወተ እዚ ወዲ 29 ዓመት ኣይቮሪያዊ፡ ካብ መደብ ዓላሚ ዩናይትድ ተን ሃግ ወጻኢ እዩ። በዚ ከኣ፡ ኣሰር ወዲ ጋንታኡ ዝነበረን ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ናብ ፈነርባቸ ዝተሰጋገረን ብራዚላዊ ፍረድ ብምስዓቡ ናብ ቱርኪ ኣቕኒዑ ኣሎ።




ኣብ 2016 ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቪያሪያል ናብ'ዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ዝተጸምበረ ባይሊ፡ ቀዳማይ ፈራሚ ናይ'ቲ እዋን'ቲ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዝነበረ ሞሪኖ እዩ። ኣብ 113 ግጥማት ነዛ ክለብ ዝወከላን ሓንቲ ሹቶ ዘመዝገበላን ኤሪክ፡ ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ካብ ሜዳን ክርሕቕን ኪጋደልን ተቐሲቡ እዩ። ድሕሪ ታሕሳስ 2021 ከኣ፡ ነዛ ክለብ ኣብ ተውዳዳሪ ግጥም ክጻወተላ ኣይክኣለን ጸኒሑ።

ንተን ሃግ ክስሕቦ ዘይከኣለ ባይሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ማርሴ ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ኣብ'ዛ ጋንታ ሌላን ጉሊላን ከምዝሎ ገሊጹ ነይሩ። ንሱ፡ ከም ማንቹርን ሻውን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ፡ ኣብ ብቕዓት ኣብ ዘይብሉሉ ከይተረፈ፡ እንግሊዛውያን ጥራይ ብምዃኖም ከምዝስለፉ ብምግላጽ (ዘረባኡ ንናይ ተን ሃግ ግዜ ኣይውክልን እዩ) ንኣካይዳ እዛ ጋንታ ነቒፉ ነይሩ እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* ሓዲሽ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ሶፊያ ኣምራባት፡ ቁጽሪ 4 ምቕባሉ ጋንታኡ ወግዓዊ ገይራ። እዚ ሞሮካዊ፡ ሎሚ ዓመት ብልቓሕ ድሕሪ ምጽዋቱ፡ ንዓመታ ብቐዋሚ ክሰጋገር ክኽእል እዩ - ንዩናይትድ እንተስሒሉብዋ። እዛ ቁጽሪ ኣብ ቀረባ ግዜ ፊል ጆንስ ይለብሳ ምንባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ከም ቪርጊ ሄዝን ስተቫ ብሩስን ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ለቢሶማ እዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ካብ ኢታላንታ ናብ'ዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ዝተጸምበረ ራስሙስ ሆይሉንድ፡ ወላ'ኳ ካብ ብዙሓት ክለባት ተጉዳስነት ረኺቡ እንተነበረ፡ ወትሩ ቀዳመይቲ ምርጫኡ ግና ዩናይትድ ምንባራ ተዛሪቡ።

* ቪያሪያል ንዓላሚኣ ኪኬ ሰቴን ከምዘባረረቶ ኣፍሊጣ። እዚ ናይ ቅድም ዓላሚ ክለብ ባርሰሎና፡ ኣብ'ዛ ወቕቲ ካብ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ኣብ ሰለስተ




ብምስዓሩ እዩ መዘኑ ክምንጠል ተቐሲቡ ዘሎ። ዳይረክተር ስፖርት እዛ ጋንታ ሚጌል ኣንገል ድማ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ክሳብ ዝርከብ ብግዝያዊ ክመርሓ እዩ።

* "ጆርጂኖ፡ ኣተከርኡ ኣብ ኣርሰናል፡ ኣብ ቅልስ ንዋንጫ ፕሪመር ሊግን ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግን እዩ ዘሎ። ናብ ፈነርባቸ ኣይከይድን እዩ።" ክብል ወኪል እዚ ኢጣልያዊ ኣከፋፋሊ "ዝ ጋርዳ" ዝኾነ ጆ ሳንቶስ ኣፍሊጡ። ፈነርባቸ፡ መኻኸት ምስግጋር ቱርኪ ጸባሕ ቅድሚ ምዕጻዉ፡ ነዚ ኣከፋፋሊ ከተፈርሞ ዓይና ኣውዲቓትሉ ምህላዋ እዩ ኪጋዋሕ ቀንዩ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ኬንያ ኩሉ ብዘይ ቪዛ ዝኣትዋ ሃገር ክንገብራ ኢና” ዊሊያም ሩቶ



ፕረዚደንት ኬንያ ዊሊያም ሩቶ፡ ሃገሩ ካብ ዝመጽእ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚራ ኩሎም ዜጋታት ዓለም ብዘይ ቪዛ ከም ዝኣትውዋ ንምግባር ብዕቱብ ትሓስበሉ ከምዘላ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ዝገለጾ ኣብ ናይሮቢ ኣብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ ንዘሰተፉ ዘለዉ መራሕቲ ሃገራትን ልኡኻትን ኣፍሪቃ ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ መደረ እዩ።

“ካብ’ዚ ኮፍ ኢልኩምሉ ዘለኹም ቦታ ሓደት ኪሎሜተር ርሒቑ ዝርከብ ሰፍራ፡ ኣብዛ ዓለም እቲ ናይ መጀመርታ ፍጥረት ሰብ ዝተረኽበሉ ምዃኑ ተመራመርቲ ኣረጋጊጾሞ እዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እዚ ቦታ’ዚ መበቆል ወዲ-ሰብ እዩ። ስለዚ፡ ‘እንቋዕ ናብዚ መበቆልኩም ዝኾነ ቤትኩም ብደሓን መጻእኩም’ ክብለኩም እደሊ” ዝበለ ፕረዚደንት ሩቶ፡ ዝኾነ ዜጋ ናብታ ቤተይ ዝበላ ኬንያ ክመጽእ እንከሎ ቪዛ ክትሓቶ ፈጺሙ ፍትሓዊ ከምዘይኮነ ኣረዲኡ።

በዚ ምኽንያት ድማ፡ ምምሕዳሩ ኣብዘን ዝቐጽላ ሓደት ኣዋርሕ ንኬንያ ካብ ቪዛ ናጻ ንምግባር ቀረጽ ስጉምቲ ክወስድ ተዳልዩ ከምዘሎ ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዊሊያም ሩቶ ናብ ስልጣን ኣብ ዝደየበሉ እዋን፡ ኬንያ ኣብ ልዕሊ ኩለን ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ናይ ቪዛ ሕድገት ንምግባር ስጉምቲታት ክትወስድ ምኳና ሓቢሩ ምንባሩ ይዝከር። ኣብቲ ብ4 መስከረም ዝጀመረን ሎሚ 6 መስከረም ክዛዘም ትጽቢት ዝግበረሉን ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ፡ መራሕቲ ሃገራት ዝርከብዎም ኣስታት 10 ሽሕ ልኡኻት መንግስቲታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ትካላትን ውድባትን ይሳተፉ ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብቱሪዝማዊ ጸጋታት ኣዝያ ሃብታም ምዃና ዝነገረላ ኬንያ፡ ዓመታዊ ክሳብ 1.5 ሚልዮን ዝግመቱ ወጻእተኛታት በጻሕቲ ከምእትቕበል፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## “መራሒ ሰ/ኮርያ ናብ ሩስያ ከምርሕ’ዩ” ተባሂሉ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ኣብዚ ወርሒ’ዚ ናብ ሩሲያ ብምምራሕ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቡ ክዘራረብ ምዃኑ፡ ጋዜጣ ኒው የርክ ታይምስን ኣሶሼትድ ፕረስን ንስቡ ስልጣን ኣመራጺን መሻርኽቲን ብምጥቃስ ጸብጺበን።

ብመሰረት ጋዜጣ ኒው የርክ ታይምስ፡ ኪም ጆንግ ኡን ኣብዚ ወርሒ’ዚ ብድርዕቲ ባቡር ናብታ ኣብ ገምገም ሰላማዊ ውቅያኖስ እትርከብ ሩሲያዊት ከተማ ቭላዲቮስቶክ ክጓዓዝ መደብ ኣለዎ።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣብታ ከተማ ምስ ተራኸቡ ኩሉ፡ ኣብቲ ካብ 10 ክሳብ 13 መስከረም ኣብታ ከተማ ዝካየድ ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ዋዕላ ክሳተፉ ትጽቢት ኣሎ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኪም ጆንግ ኣብ መደበር ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ ክበጽሕ’ውን መደብ ከምዘለዎ፡ እታ ጋዜጣ ወሲኻ ጸብጺባ።

እንተኾነ፡ ሩሲያ ትኹን ሰ/ኮርያ፡ ነዚ ብማዕከናት ዜና ኣመራጺ ዝዝርጋሕ ሓበሬታ ኣመልኪተን ዝሃብኦ ዝኾነ ርእይቶ የለን።





ኣብ ዝሓለፈ ሓሙስ ሚኒስተር ምክልኻል ሩሲያ ሰርገይ ሾይጉ ናብ ፕዮንግያንግ ተጓዒዙ ምስ ኪም ጆንግ ኡን ብምርኻብ ንውተሃደራዊ ምርኢት ሰ/ኮርያ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ካብ ፕረዚደንት ፑቲን ዝተላእከ ውልቃዊ ደብዳቤ ንኪም ጆንግ-ኡን ከምዝረከቦ ኣይርሰዐን።

ኒው የርክ ታይምስ ኑየም ኣስማቶም ዘይጠቐሱ’ዩም ምንጪታት ብምጥቃስ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ ድማ፡ ኪም ጆንግ-ኡን ምስ ፑቲን ኣብ ዝራኸበሉ እዋን፡ ሰ/ኮርያ ንሩሲያ ተወሳኺ ኣጽዋር ክትልእኸላን ካልእ ወተሃደራዊ ስምምዓት ምስኣ ክትኽትምን ኣብ ዝብል ነጥብታት ክዘቲ መደብ ከምዘለዎ’ውን ወሲኻ ሓቢራ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ ትማሊ ሰለስ ኣብ ዘርግሖ ሓድሽ ጸብጻብ፡ ዩክሬን ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ጥራይ ልዕሊ 66 ሽሕ ወተሃደራት ኣብ ኩናት ከምእተቐትለዋን፡ ልዕሊ 7,600 ከቢድቲ ኣጽዋር ከምዝተሰረተን ሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን ድማ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ዩክሬን ትማሊ ብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገሩ መዓልታዊ ኣስታት 100 ሚልዮን ዶላር ኣብ ኩናት ተጠቕማ ከምዝኾነት ኣፍሊጡ።

ባቡር ናብታ ኣብ ገምገም ሰላማዊ ውቅያኖስ እትርከብ ሩሲያዊት ከተማ ቭላዲቮስቶክ ክጓዓዝ መደብ ኣለዎ።

ካብ ሃገሩ ሳሕቲ ከም ዝወጽእን ኣብ መገሻኡ ዝበዝሐ ግዜ ባቡር ከምዝጥቀምን ዝነገረሉ ኪም ጆንግ ኡን ኣብ 2019 ኣብ ከተማ ቭላዲቮስቶክ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ተራኺቡ ከምዝዘበረ ይዝከር።

## “ኣጽዋር ኣመሪካ ኣብ ኢድ ዕጡቓት ይወድቕ ኣሎ” ፓኪስታን

ሓያል ካብ’ቲ ኣመሪካ ኣብ 2021 ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝሓደገቶ ዘይተኣደነ ኣጽዋር፡ ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ እስላማውያን ዕጡቓት ጉጅለታት ኣትዩ ከምዘሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ኣንዋር ኢል-ሓቕ ካቃር ገሊጹ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሰኑይ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓደ ካብ’ቶም ብዙሕ ዝዋቐ ኣጽዋር ኣመሪካ ኣብ ኢዶም ከእትዉ ክኢሎም ዘለዉ ጥሩፋት ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ኣብ ፓኪስታን ዝንቀሳቐስ ‘ተሕሪቕ-ኢ-ጣሊባን’ ዝተባህለ ጉጅለ ምዃኑ ሓቢሩ።



እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ብሰላ’ቲ ዓጢቑዎ ዝርከብ ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነ ዝተራቐቐ ኣጽዋር፡ ናይ ምውጋእ ዓቕሙ ኣጉልቢቱ ንፓኪስታን ዓቢ ጸጥታዊ ስግኣት ክፈጥረላ ክኢሉ ከምዘሎ ድማ፡ እቲ መራሒ መንግስቲ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ፔንታጎን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዘርግሖ ጸብጻብ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ልዕሊ 7 ቢልዮን ዝዋግኡ ኣጽዋር ከምዝገደፈ ተኣሚኑ ነይሩ።

እዚ ይኹን’ምበር፡ እቲ ንምምሕዳር ጆ ባይደን ብተደጋጋሚ ክሹቕፍ ዝጸንሐ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝራሕረሖቶ ኣጽዋርን ካልእ ወተሃደራዊ ናውቲን ዋጋ 85 ቢልዮን ዶላር ከምዝኸውን’ዩ ዝገለጸ።

## እስራኤል ኣብ ባሕሬን ኤምባሲ ከፊታ

ምስ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣዕራብ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ክትምስርት ከኢላ ዘላ እስራኤል፡ ኣብ ባሕሬን ሓድሽ ኤምባሲ ከምዝኸፈተት ተገሊጹ።

እስራኤል ኣብታ ንእሽቶ ዓረባዊት ሃገር ኤምባሲ ትኸፍት ዘሎ፡ ምስታ ሃገር ዝመስረተቶ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ሰለስተ ዓመት ኣቆጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን’ዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ኤሊ ኮሄን፡ ዝሓለፈ ቀዳም ወከልቲ ናይ ልዕሊ 30 ኩባንያታት ሃገሩ ሒዙ ናብ ከተማ ማናማ ድሕሪ ምጉዓዙ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ነቲ ሓድሽ ኤምባሲ ብወግዒ መርቑ ከምዝኸፈቶ፡ ማዕከናት ዜና እስራኤል ሓቢረን።

እቲ እስራኤላዊ በዓልስልጣን ኣብቲ ኢጋጥሚ ምስ ባሕሬናዊ መዛንኡ - ዓብደለጢፍ ኣልዛያኒ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ተጀሚሩ ዘሎ ንግዳዊ ሽርክነት፡ ወፍሪን ምብጻሕን ንምዕባይ ኣብ ምርድዳእ ከምዝበጽሑ፡ እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ገሊጸን።



እስራኤልን ባሕሬንን፡ ኣብ መስከረም 2020 እያን ኣመሪካ ዝሰላሰለቶ ‘ስምምዓት ኣብራሃም’ ዝተሰምየ ውዕል ብምኽታም፡ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ከምስርታ ክኢለን።

መደበር ሓሙሻይ ጭፍራ መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ምዃና ዝነገረላ ባሕሬን፡ ኣሰር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ብምስዓብ እያ ነቲ ውዕል ከቲማትሉ።

ሱዳንን ሞሮኮን ድማ፡ ብድሕሪኣ ሰዒበን ምስ እስራኤል ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዝመስረታ ሃገራት እየን።


እስራኤል፡ ምስታ ጐረቤት ባሕሬን ዝኾነት ንግስነት ሰዑዲ-ዓረብ እውን ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ክትምስርት ድሌት ከምዘለዋ ብተደጋጋሚ ትገልጽ።

እንተኾነ፡ ብወገን ሰዑድያ ንስምምዓት ኣብርሃም ናይ ምጽንባር ድሌት ይርአ ስለዘየሎ፡ ክልቲአን ሃገራት ዝምድና ዝምስርታሉ ግዜ ገና ርሑቕ ከምዝኾነ፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጃክ ሰሊቫን ዝሓለፈ ወርሒ ሓቢሩ ምንባሩ ይግለጽ።

## ተወሳኺ

ኣብ ኒውዚላንድ፡ ክንዲ መመገቢ ብያቲ ዝዓቕኑ ናውቲ ሕክምና ኣብ ውሽጢ ከብዳ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ብምርካቡ፡ እቲ ጉዳይ ኣዛራቢ ኩይኑ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ፡ እታ ኣደ ኣቐዲማ ኑብሱጸር እንክላ ኣብ ሆስፒታል ኦክላንድ ብሕክምናዊ መብጣሕቲ ኣብ ዝተገላገለትሉ እዋን’ዩ እቲ ናይ ቱቦ ቅርጺ ዘለዎ ሕክምናዊ መሳርሒ ኣብ ከብዳ ተረሲዑ ተሪፉ።



ሓኪይም ብመብጣሕቲ ምስ ኣገላገሉዋ፡ ነቲ ዝተበጥሐ ቈርበት ከብዳ ጉዚኑ ክሕዝሉ ኢሎም ዝተኸሉዎ ልሱሉስ ፕላስቲካዊ መሳርሒ ከየውጽኡዎ እንክለዉ ቈስላ ስለዝሰፈዩዋ፡ ን18 ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ውሽጢ ከብዳ ጸኒሑ።

ክሳብ ብሓገዝ መርመራ ‘ሲ.ቲ ስካን’ ዝርከብ ድማ፡ ብቓንዛ እናተሰለወት ናብ ሓያለ ሓካይም ከም ዝበጽሐት፡ እታ ኣብ 20ታት ዕድመ እትርከብ ኣደ ትሕብር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኹት | 06/09/2023 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565